፳፯ - ኣታ ያእቆብ፡ ከመይ ደኣ ኸምዚ ትብል፡ ኣታ እስራኤልሲ፣ ከመይ ኢልካ ኢኻ፡ መገደይ ካብ እግዚኣብሄር ሕብእቲ እያ፡ ፍርደይ ከኣ ካብ ኣምላኸይ ሐሊፉ እዩ፡ ኢልካ ትዛረብ፧ ፳፰ - እቲ ንወሰናት ምድሪ ዝፈጠረ እግዚኣብሄር ዘለኣለማዊ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ከም ዘይደክምን ከም ዘይሕለልን፡ ኣእምሮኡ ኸም ዘይምርመርን፡ ኣይትፈልጥንዶ ኣይሰማዕካንዶኸ ኢኻ፧ ፳፱ - ንድኹም ሓይሊ ይህብ፡ ንስኑፍ ከኣ ብርታዔ ይውስኽ። ፴ - ኣጒባዝ ይደኽሙን ይሕለሉን፡ ኣባጽሕ ድማ ሰንከልከል ኢሎም ይወድቁ፡ ፴፩ - እቶም ንእግዚኣብሄር ዚጽበዩ ግና ሓይሎም ይሕደስ። ከም ንስሪ በኽናፍ ይድይቡ፡ ይጐዩ እሞ ኣይሕለሉን፡ ይኸዱ እሞ ኣይደኽሙን።

*ኢሳ 40፡27-31*



# ጸጋ



- ጽባቀ ቤተክርስትያን ቅድሰና ቤተክርስትያን እዩ።



- ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ምባይል እምበር ኢጋንንቲ ኣየእውዩን እዮም ዝብል ይሰምዕ ነይረ።
- ኣብ ቤተክርስትያን ጥዑም መዝሙር ስለዝተዘመረ ጥራይ ዕቤት ኣሎ ኣይበሃልን እዩ።

"ካብቲ ቐዳማይሲ እቲ ዳሕራይ ክብሪ እዛ ቤት እዚኣ ኺበልጽ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ሰላም ክህብ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።"
ሃጌ 2፡9





# ብሕብረት ኣብያተ ክርስትያናት ማኒቶባ፡ ካናዳ ካብ ሓምለ ዕለት 30-ነሓሰ 01 ንሰለስተ መዓልቲ ዝትካየደ ናይ ምንቕቓሕ መደብ።









# ሓደሽቲ መዛሙር ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝተዘርግሐ ዝኢኹም ተባረኹሉ




## ሰሚዕኩምዶ !

ጋዜጣ ኤሊም ጠለብ ዓማዊላ ንምምላእ ፡ ናይ ዝርጋሔ ቴክኒክ ብምምሕያሽ ካብ ቁ.28 ጀሚራ ኣብ ኢንተርነት ተዘርጊሓ ከምዘላ ሰሚዕኩምዶ! ኣብ መርበባት ሓበሬታ www.menfesawi.com, www.eritreanchurch.com ከምኡውን www.bisrat.com ብቐሊሉ ክትረኽብዎ ከም እትኽእሉ ብሓጐስ ነበስረኹም።

ንዘለኩም ዝተፈላለየ ትሕዝቶታትውን ብኢ-መይልና elimsud@yahoo.com ክትጽሕፉልና ትኽእሉ።

ኤሊም ኣገልግሎት ስነ-ጥበብ፡ ንፍታሌም እምነት ዓለም-ለኻዊት ቤተ-ክርስትያን፡






## ዝተማሳቐለ ሕቶ

### ንጋድም

1- ኣብታ ኣጋይሽ ኬንኩም ሰፈርኹምዎ ዘለኹም ሃገርሲ ዕድሜኹም ምእንቲ ክነውሕ ኩሉ ዘመንኩም ኣብ ድንኳን ንበሩ ዝበለ ወዲ ሬካብ

3- ንኹላ ምድሪ ኩሽ ዝዞራ ዝነበረ ካብ ኤደን ዉሒዙ ንገነት ዘስቲ ዝነበረ ሩባ።

6- ኣምላኽ ድማ ____ ዘከራ ኣምላኽ ክኣ ሰምዓ እሞ ማህጸና ከፈተላ።

7- ንጴጥሮስ ብድምጹ ዘለለየቶ ግዝእቲ (ብግምጣል)

8- ንመጸገኒ ፍራሳት ቤት ኣምላኽ ዝኸውን ገንዘብ ምእንቲ ክዋጻእ፡ ሰብ ብፍታው ልቡ ምእንቲ ክህብ ነኺል ሳንዱቕ ሰሪሑ ኣብ ኣፍ ቤት መቅደስ ዘቐመጠ ካህን።

11- ብዘመን ዩስያስ ንጉስ ይሁዳ ዝነበረት ነብዩት

12- ሓሲኹ ዝሞተ ንጉስ (ብግምጣል)

14- እግዚኣብሄር ድማ ኣብኣ ቋንቋ ኩላ ምድሪ ፋሕፋሕ ስለ ዘበለ ስም እታ ከተማ ____ተባህለት

15- ሓደ ፍሉይ ህዝቢ እተዘርዘረን ፋሕ ዝበለን ኣሎ ሕጕም ከኣ ፍሉይ እዩ፡ ንጉስ ክሓድጕም ኣይግባእን ክጠፍኡ ከኣ ይጸሐፍ ዝበለ መን እዩ (ብግምጣል)

19- ለምጻም ክንሱ ሓለቃ ሰራዊት ሶርያ ዝነበረ (ብግምጣል)

22- ኣብራም ካብ ኡር ተበጊሱ ዝተቐመጣ ዓዲ (ብግምጣል)

24- ንቤቱኤል ዝወለደት ሰበይቲ ሓው ንኣብርሃም (ብግምጣል)

26- ኣንጻር ሃባ

28- ህያው ተባሂልካ ትስመ ግናኸ ሙውት ኢኻ ዝተባህለሉ መልኣኽ ማሕበር ______ እዩ (ብግምጣል)

29- ምስ ሰበይቱ ተማኺሩ ንኣምላኽ ከዕሹ (ከታልል) ዝሓሰበ ሰብ

### ንትኩል

1- ባሕሪ ርእያቶ ሀደመት ___ንድሕሪት ተመልሰ መዝ 110-115 ዘሎ ምዕራፋት

2- እቲ ኣብ ጥሮኣስ ዝሓደግክዎ ባርኖስን እቲ መጽሓፍትን ምናዳ ግና እቲ __ ታት ተማላኣለይ

3- ናይ ግብጺ ነውሪ ካብቲ ህዝቢ ኣምላኽ ዘንከራረወሉ ስፍራ (ቦታ)

4- ማቴ 13፡54-56 ማር 15፡47 (ብግምጣል)

5- ኢዱ ናብ ቅቡእ እግዚኣብሄር ዘርጊሑ በደል ዘይኮኖ መን ኣሎ ዝበለ። (ብግምጣል)

9- ንሱ ካብ ኣሕዋቱ ዝኸበረ ነበረ ኣዲኡ ክኣ ብጻዕሪ ወሊደዮ ኢላ __ ኣውጽኣትሉ።

10- ካብ ዓይነት ኣግራብን ዱር (ልሙዕ) ዝኾነ ቦታ

13- ኣብ መጽሓፍ ቅድስ ካብ ዘለው ዘመርቲ ሐደ

17- ልሳን ሓዋዊስካ

18- ኣቦ ኢካቦድ

21- ምእንቲ ክትህብትም ወርቂ፡ ዕርቃንካ ከይቅላዕ ጻዕዳ ክዳን፡ ጸቡቕ ክትርኢ ነዒንትኻ ኩሕሊ ካባይ ዓድግ ዝተባህለላ ማሕበር።

23- ንህቢ ዝትርጉሙ ስማ

25- ኣነ መሊኤ ከድኩ እግዚኣብሄር ግን ጥራየይ መለሰኒ ዝበለት (ብግምጣል)

27- ካብ ኣልባሳት 2/5

| | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | | | 2 | ■ | 3 | | 4 | ■ | 5 |
| | ■ | ■ | 6 | | | ■ | | ■ | |
| 7 | | ■ | | ■ | | ■ | 8 | 9 | |
| | ■ | 10 | ■ | 11 | | | ■ | | ■ |
| 12 | | | 13 | ■ | ■ | ■ | 14 | | |
| ■ | ■ | 15 | | | ■ | 17 | ■ | | ■ |
| 18 | ■ | ■ | 19 | | | | ■ | ■ | 21 |
| 22 | 23 | | ■ | ■ | 24 | | 25 | ■ | |
| 26 | | ■ | 27 | | | ■ | | ■ | |
| 28 | | | | ■ | ■ | 29 | | | |

**መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሰንጠረጅ # 2**

| | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ዳ | ጐ | ን | ■ | ኣ | ማ | ሌ | ቅ | ■ | ይ |
| ዊ | ■ | ■ | ሓ | መ | ር | ■ | ቡ | ዩ | እ |
| ት | እ | ማ | ር | ■ | ዶ | ■ | እ | ዝ | ራ |
| ■ | ■ | ■ | ቢ | ■ | ካ | ታ | ■ | ■ | ■ |
| ፍ | ም | ሴ | ■ | ■ | ይ | ላ | በ | ም | ኣ |
| ሳ | ሌ | ም | ■ | ዳ | ■ | ■ | ■ | ኖ | ብ |
| ኣ | ሳ | ■ | ስ | ን | ሃ | ዉ | የ | ■ | ያ |
| ■ | ሩ | ■ | ም | ■ | ገ | | ት | ■ | ታ |
| ሁ | የ | ■ | ኦ | ን | ር | ■ | ኣ | ዳ | ር |
| ■ | ■ | ■ | ን | ታ | ና | ■ | ■ | ዓ | ■ |

*ብተኸታታሊ ነዚ ሕቶታት ንዝመለሱ ሽልማት ተዳልዩ ከም ዘሎ ነዘካክር ተባረኹ።*

*ብኤፍሬም ገብረሂወት*



ብክፍሊ ኣገልግሎት ስነጽሑፍ ፊላደልፍያ ናይ ኤርትራ ቤተክርስትያን እትዳሎ ኣርብዕተ ወርሓዊት መጽሔት፡ ነዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ሒዛ ንዝረግሐ ተዳልያ ኣላ። በዚ ኣጋጣሚ ነቲ ብዝተፈላለየ መንገድታት ሃናጺ ርእይቶታትኹም እትልግሱልና ዘለኹም ብሩኻት ኣንበብቲ፡- ንዝሃብኹምናን ትህቡና ዘለኹምን ሃናጺ ርእይቶታትኹም ከየመስገንና ክንሓልፍ ኣይንደልን፡ የቀንየልና። ሕጂ'ዉን ንዝበለጸን ዝጸፈፈን ኣገልግሎት ተሳታፍነት ኩሉ ኣንባቢ ኣገዳሲ እዩ እሞ፡- ንዘለኹም ሃናጺ ርእይቶ ይኹን ነቀፌታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱና። ኣምላኽ ንምንባብኹም ይባርኽ።
ተባረኹ!!!!



# ትሕዝቶ


*መእተዊ ................................ 1*
*ቃል-መጽሄት ........................... 2*
*ኦም ህይወትዶ ወይስ ....፧ ...... 3*
*ጽምኣት ........................................ 4*
*ኣምልኾ ......................................... 5*
*ቃለ-መሕትት ........................... 8*
*ካብዝን ካብትን ...................... 10*
*ምስክርነት ................................... 12*
*መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትረኻ ........ 15*
*ናይ እምነት ኣቦታት ............... 19*



***CHURCH ADDRESS***
***PHILADELPHIA ERITREAN CHURCH***
***926 GARFIELD ST. @SARGENT AVE.***
***WINNIPEG,MB***
***(204) 998 8750***

***MAILING ADDRESS***
***PHILADELPHIA ERITREAN CHURCH***
***STATION MAIN***
***P.O.BOX 1889***
***WINNIPEG, MB***
***R3C 3R2***

ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2011

# ልሳን መጽሄት ጻጋ

ጻጋ ክንብል እንኮለና ምሉእነትን ምሕረትን ፍቕርን እግዚኣብሄር ኣባና ክፍስስ እንኮሎ ንምቕባሉ ይኹን ነቲ ዝረኸብናዮ ክንነብረሉ ዝተዋህበና ኢዩ። ከምኡውን ምሉእ ውህበት እግዚኣብሄር ኮይኑ ኣብ ሂወትን ናብራን ናይቶም ምሕረት (ሕድገት) ሓጥያት ዝረኸብና ዝነብር ረዚን ህያብ እዩ። ጻጋ ልክዕ ምስ ምሕረት ፍቕርን ዝትሓሓዝ ሓሳብ ኮይኑ ልክዕ ምሕረት (ሕድግት) ምስ ረኸብና ነቲ ዝረኸበናዮ ምሕረት (ሕድግት) ኣጽኒዑ ደው ኣቢሉ ክንብረና ዝኽእል ጻጋ ኢዩ። ጻጋ ዝተዋህበና ስለ ዝግብኣና ዘይኮነስ ኣምላኽ ፈትዩ በቲ ናቱ ዝኾነ ሓሳባትን መደብን መታን ክንነብረሉን ክንከደሉን ኢሉ ኢዩ ጻጋኡ ኣባና ዘዕዘዘን ዝሃበን። ከምኡ ድማ ጻጋ ዝተዋህበና ንዓለማውነት ክሒድና፡ ንፍቓድን ዓላማን እግዚኣብሄር ኣብ ሂወትና፡ ስድራና፡ ሕብረተሰብናን፡ ምድርናን፡ ንኽፍጸም ዘኽእል ድማ ጻጋ ተዋህበና። ነቲ ዝተዋህበና ጻጋ ድማ መመሊስና ከነዕብዮ የድልየና ኢዩ። እንተድኣ ነቲ ዝተዋህበና ጻጋ ከነዕብዮን ክንሕልዎን ጀሚርና ዓቢ ዝኾነ ስራሕ እግዚኣብሔር ክንዓይን ከነስልጥን ንጅምር።

ንኣብነት ማርያም እንተድኣ ርኢና ኣብ ሉቃ.1፡30 “እቲ መልኣኽ ከኣ በላ ማርያም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጻጋ ረኺብኪ ኢኺ እሞ ኣይትፍርሒ” ይብል። ንማርያም ጻጋ ዝተዋህባ ንዝኸበረን ዝዓዘዘን ዕላማ እግዚኣብሄር ብህይወታ ክስራሕ ስለ ዘለዎ እዩ ተዋሂብዋ። ነቲ ዝተዋህባ ጻጋ ድማ ኣሜን ኢላ ተቐቢላን ሓልያቶን ብእኡ መሰረት ድማ እቲ ወዲ ልኡል’ውን ክብሃል ኢዩ ዝተባህለሉ ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ካብኣ ተወልደ። መንገዲ ድሕነት ንብዘላ ዓለም ድማ ከፈተ። ስለዚ ጻጋ ዝተዋህበና ንዝዓበየን ዝኸበረን ስራሕ እግዚኣብሔር ብሂወትናን ኣገልግሎትናን መታን ክዕየ እዩ። ስለዚ ነቲ ዝተዋህበና ጻጋ ሸለል(ሸለል) ከይበልና ተጠንቂቕና ኣጥቢቕናን ንሓዞ። እብ 12፡15 ከምዚ ዝብል ኣሎ “ ሓደ እኳ ካብ ጻጋ ኣምላኽ ከይጐድል” ይብለና። ስለዚ ንዝትዋህበና ክቡር ህያብ እግዚኣብሔር ብዘይጠቅም ነገራትን በዚ ሓላፍን ከንቱን ዝኾነ ባህሪ ዓለማውነትን ቀሊል ንዝመስለና ዘይነስተውዕለሉ ንጸጋና ዝገፍፍን ዘጕድልን ነገራት እንታይ ምኗኑ እናስተውዓልናን እንዳስተብሃልናን ነቲ ዝኸበረ ህያብ እግዚኣብሄር ኣብ ሂወትናን ናብራናን ኣግልግሎትናን ዝጠቕመና ጻጋ እግዚኣብሔር ንሓልዎ።

ምናልባት ከም መንፈሳውያን ኮይና ኣብዛ ምድሪ ክንመላለስ እንኮለና ብዝተፈላለየ ማዕበል ሂወት ክንሓልፍ ንኽእል ኢና፡ ግናከ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ማዕበላት ህይወት ከውጽኣናን ክንሳፍፈናን ዝኽእል ጻጋ ካብ እግዚኣብሄር ተዋሂቡና ኣሎ። ከምቲ ኣብ እብ 4፡16 “ብግዜ ጸበባውን ንረዲኤትና ዝኸውን ጻጋ ክንረክብ ብትብዓት ናብ ዝፋን ጻጋ ንቕረብ” ዝብለና። ስለዚ ኣብ ኣገልግሎትና ይኹን ማሕበራዊ ህይወትና መታን ዕውታት ኮይንና ክንወጽእን ክንርከብን፡ ናብቲ ዝተዋህበና ጻጋ እግዚኣብሄር እንዳተጸጋዕና ንጸጋና ኩሉ ሳዕ ንሓሉ። እዚ ምስ እንገብር ድማ ኢና ምግልጋልና ብሂወት ምንባርና ምምልልስና .... ወዘተ ብጸጋ እግዚኣብሄር ኢዩ ክንብል ትብዓት እንረክብ።

ዕላማ እዛ መጽሔት ከኣ እዚ እዩ፡ ከመይን ብኸመይን ኣብ ጻጋ ኣምላኽ ንነብርን ንመላለስን ዘተኮረ ዕላማን ራእይን ሒዛ ንዝርግሐ ቀሪባ ኣላ እሞ፡ ሓንጐፋይ ኢልና ንቀበላ።

በዚ ኣጋጣሚ ርሑስ በዓል ሓድሽ ዓመት 2011 ይግበረልና።

ኣምላኽ ይባርኹም

ካብ ኣዳለዉቲ!!!

ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2011





# ናይ እምነት ሓዋርያ (Apostle of Faith)



ስሚዝ ዊግልስዎርዝ ዝተባህለ ዓቢ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣዝዩ የዋህን ቅኑዕን ባህሪያት ዝነበሮ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ኮይኑ ኣምላኽ ድማ ብፍሉይ መንገድን ንፍሉይ ዕላማን ዝተጠቅመሉ ሰብ ከምዝነበረ ይፍለጥ። ስሚዝ ዊግልስዎርዝ ንቡዙሓት ሰባት ዝጸሉን ዘነቓቕሕን እምነት ዝነበሮ ሰብ እዩ። ኣብ ኣገልግሎቱ ድማ ቡዙሓት ነፍሳት ናብ ጐይታ መጺዮምን ምድሓን ረኺቦምን እዮም። ከምኡ’ውን ብዙሓት ናብ ዕሙቕ ዝበለ እምነት ጐይታ የሱስ ክሪስቶስ ብምእታው ርእሶም ንጐይታ ሂቦምን፡ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ድማ ተቐቢሎምን ብተኣምራት ተፈዊሶምን እዮም። እቲ ስሚዝ ዊግሊስዎርዝ ንብዘላ ምድሪ ብወንጌል ክበጽሕ ዝኽኣሎ ድማ፡ እቲ ንሂወት ስሚዝ ዝመልኦ ህላወን ምልኣትን መንፈስ ቅዱስ እዩ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጐይታ ብኢዱ ኣብ ዝገብሮ ዝነበረ ዕዮ ስሚዝ ንጐይታ ክብሪ እናሃበ፡ ሰባት ድማ ንዕኡ ገዲፎም ንጐይታ የሱስ ክርስቶስ ምርኣይ ከምዝኽእሉ ይገብር ኔሩ።

ስሚዝ ዊግልስዎርዝ ብ1859 ዓ.ም ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ተወሊዱ። ብጊዜ ንእስነቱ ከሎ ጐይታ ምስተቐበለ ብኡ ንብኡ ብዛዕባ ምድሓን ሰባት ቅንኣት ስለ ዝሓደሮ ነዲኡን ንብዙሓት ካልኦትን ድማ ናብ ምድሓን ኣምጺኡ። ስሚዝ ስሩዕ ወይ ድማ ወግዓዊ ዝኾነ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ኣይነበሮን እዚ ድማ ቤተሰቡ ንምሕጋዝ ካብ ወዲ 7 ዓመት ጀሚሩ 12 ሰዓት ንመዓልቲ እንዳሰርሐ ይነብር ካብ ምንባሩ ዝተላዕለ እዩ። ከምዚ ኢሉ ብናይ ድራውሊኮ ሞይኡ እንዳሰርሐ ከሎ ብውልቂ ደረጃ ሰባት እናመስከረ ናብ ጐይታ ምምጻእ ግና ኣየቃረጸን።

ኣብ 1882 ፖሊ ፊዘርስቶን ዝተባህለት ንኣምላኽ እተፍቅርን ናይ ስብከትን ናይ ወንጌላውነትን ውህበት ድማ ዝነበራ ሓንቲ ኣማኒት መንእሰይ ሰበይቲ ተመርዓወ። እዛ ፖሊ ፊዘርስቶን እትበሃል ሰብ ድማ ናይ ቀረባ መማኽርቱን ሓያል ደጋፊትን ኮነቶ። ሓደ ግዜ ብምኽንያት እቲ ኣብ ክልቲኦም ዝነበረ ፍቕሪ ንድኻታትን ስኡናትን ሓደ ሚሽን ከፊቶም። ኣብቲ ፖሊ ፊዘርስቶን ዝሰበኸትሉ ናይ መጀመርያ ምሸት ኣብቲ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት ብዙሓት ሰባት ስሚዝ ዊግሊስዎርዝ ምስ ጸለየሎም ብፍሉይ ካብ ዝነበሮም ሕማም ተፈዊሶም።

ኣብ 1907 ኣብ መበል 48 ዕድሚኡ ስሚዝ ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ተጠምቀ፡ ሰበይቱ ውን ከይተረፈ በቲ ለውጢ ክሳዕ እትግረም ብኣዝዩ ዘገርም ሃንደበት ኩነታት ኣገልግሎት ስሚዝ ተለወጠ። እዚ ድማ መጀመርታ ናይቲ ዓለምለኻውን ኣሽሓት ህዝቢ ዝበጽሓሉ ናይ ወንጌልን ናይ ፈውስን ሚኒስትሪኡ ኮይኑ። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃን መላእ ኤውሮጳን ኣገልጊሉ። ግዜ ኣገልግሎቱ ድማ ክሳብ ጊዜ ሞቱ ማለት ክሳብ 1947 ቀጺሉ።

ስሚዝ ዊግሊስዎርዝ ኣብ ሂወቱን ኣገልግሎቱን ዘዘውትሮምን ዝጸቕጠሎምን ዝነበረ ገለ ገለ ካብቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ነገራት ድማ፡-

1- ሓቀኛ ዝኾነ ፍቕሪ ኣብ ልዕሊ ሕሙማትን ዘይደሓኑ ነፍሳትን፡

2- ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝነበሮ ዘይነቓነቕ እምነት

3- ንሱ ትሕት ኢሉ፡ ክርስቶስ ድማ ኣብ ህይወቱ ልዕል ኢሉ ክርኤ(ዮሃ 3-30) ዝነበሮ ድልየት፡

4- ንሰባት እናመዓደን እናመሃረን ናብ ዝለዓለን ዝዓበየን ናይ እምነት ደረጃ ኣብ ምብጻሕ ዝነበሮ ድልየት

5- ከምቲ ኣብታ ቐዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ዝነበረ፡ ኣብ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስን ውህበት መንፈስ ቅዱስን ዝነበሮ እምነትን ተቀባልነትን፡

6- ኣብ ፍጹም ዝኾነ ኣምላኻዊ ፈውሲ ዝነበሮ እምነትን፡ ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

ብምኽንያት እቲ ኩሉ ጊዜ ኣብ ሂወቱን ኣገልግሎቱን ዘዘውትሮ ዝነበረ “ፍጹም እምነት ኣብ እግዚኣብሄር ዝብል” ፍረ ነገር ስሚዝ ዊግልስዎርዝ ናይ እምነት ሓዋርያ(Apostle of Faith) ተባሂሉ ክፍለጥ ኣክኢልዎ እዩ። ኣብ ኣገልግሎት ስሚዝ ልዕሊ 20 ዝኮኑ ሰባት ካብ ሞት ተንሲኦም፡ ንርእሱ ድማ ካብ ዝነበሮ ሕማም ኩሊትን ሸንቲሽተን ተፈዊሱ። ምንም እካ ስሚዝ ኣብ ፍጹም ዝኾነ ፈውሲ ይኣምን ኣንተነበረ ብዙሕ ንምርድኡ ዘጸግም ናይ ብዙሓት ሰባት ሕማምን ሞትን ግን የጋጥሞ ኔሩ እዩ። ገለገለ ካብዚ ድማ ሞት ሰበይቱን፡ ወዱን፡ ምጽማም ናይ ጓሉን፡ እቲ ንዕኡ ዘሸግሮ ዝነበረ ሕማም ኩሊትን የጠቓልል።

ብሓዉኹም ካሕሰ ንጉሰ

# ቃለ-መሕትት

**ካብ ገጽ 17 ዝቐጸለ .......**

ካልኦት ብዙሓት ፍሉጣት ደረፍትን ደረስትን ከምዝሞቱ ጐይታ ተዛሪቡና፡ ክኸውን ከሎ ክኣ ርኢና ኢና። ስለዚ ጐይታ ብዙሕ መልእኽቲ ይዛረበና እዩ ናይ ታኣምራት ገለታ ክኣ ሓደ ካብኡ እዩ ክብሪ ንጐይታ ይኹን።

**ጸጋ፡-** ኣብ ህይወት ዘመንካ ኣዝዩ ዘሐጉሰካን ዘሕዝነካን ዶ ከተዕልለና፧

**ፓስተር ዳዊት፡-** ብጣዕሚ ኣሸጋሪ ሕቶ በቲ ዘሕዝን ነገር ክጅምረልካ ንኣገልግሎት ናብ ዱባይ ተዓድመ ምስከድኩ ኣብ ሳልሳይ መዓልተይ ኣደይ ትዓርፍ (ትመውት) ከይደ ነደይ ክቐብር ይኹን ክበኪ ደስ ምበለኒ። ነዚ ጉዳይ ዝሰምዑ ክኣ እቶም ከገልግል ዝዓደሙኒ ኣገልገልቲ እዮም። ከይነገሩኒ ክኣ ሐደ ወርሒ ጸኒሔ ተመለስኩ። ኣደይ ክኣ ካብ ትመውት 27 መዓልቲ ገይራ ነበረት። እዚ ክኣ ቁሩብ ንልበይ ሰይርዎ ኩሉ ግዜ ካብ ውሽጠይ ምውጻእ ኣብዩኒ ዘሕዝነኒ ነገር እዩ። ዘሐጉሰካ እንተ ኢልካኒ ብዛዕባ በዓልቲ ቤተይን ደቀይን ክሓስብ ከለኹ ኣዝየ እየ ዝሕጐስ። ነገር ግን ካልእ ክኣ ኣሎ ኣዝዩ ዘሐጉሰኒ 6.4 ሚልዮን ዝወድኤ መምለኺ ኣድራሽ ተወዲኡ ክመረቕ ከሎን ብቴለቭዥን ዝተራኣየሉ መዓልትታን ክሐስብ ከሎኹ ኣዝየ ይሕጐስ ጐድኒ ጐድኒ ድማ ምስቶም መገላግልተይ ፓስተራት ዘሎኒ ሕብረትን ሐድነትን ኣዝዩ የሓጉሰኒ።

**ጸጋ፡-** ንናይ ማኒቶባ ኣሕዋት (ቅዱሳን) እትብሎ ነገር እንተሎ፧

**ፓስተር ዳዊት፡-** ኣብዚ ብኤረትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ዝተዳለወ መንፈሳዊ ምንቅቃሕ ኣዝየ ተሐጉሰ። ከምኡ'ውን ዘደንቅ ነገራት ርኤ። Friendly Manitoba ዝብል ኣርማ ታርጋ ማኪናኹም ክኸውን ከሎ ኣብ ጐድኒ እዛ ጽሕፍቲ ግና ክዋጋእ ዝተቐረበ ድዑል ኣሎ። ክልቲኡ ምኻድ ኣብዩኒ.... ብዝተረፈ ግና ኤረትራውያን ብትግርኛ ኦሮሞ ብኦሮምኛ ብኣምሓርኛ ብእንግሊዝኛ ብሐደ ኣብ መድረኽ ኮይኖም ንእንዚኣብሄር ከምልኹን ክዝምሩን ከለው ክርኢ ከለኹ ብጣዕሚ የሓጉሰኒ። ጐይታ ድማ ኣብ ማኒቶባ ኣደነቒ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምንቅቓሕ (Rival) ክገብር እዩ። ንዓለም ዝወርሱ ኣገልገልቲ ክኣ ካብዚ ክወጽኡ እዮም። ከምኡ ድማ እግዚኣብሄር ህጻናት ቀቢኡ ኣሎ ሓድሽን ዓብይን ነገር ክኣ ክገብር እዩ። የሱስ ጐይታ እዩ።

***ጸጋ፡- ዕድሜና ኣኽቢርካ ምስቲ ዘለካ ግዜ ኣንጻር ንዝሃብካና መልስን ምኽርን ብስም ኣገልግሎት ሰነጽሑፍ ጸጋ የቐንየልና ንብል ኣምላኽ ይባርኽካ።***

***ተፈጸመ!!!***

# ዓምዲ ቤተሰብ

## ባዕልኺ እትእርምዮ ፈተና

1. ጽውዓኺን ራእይኽን ንጹር ድዩ፧ ______________________
   ሀ. ናበይ ትኸዲ ኣሎኺ፧ ____________________________
   ለ. ደረጃኺ ልክዕ'ዶ ኣሎ፧ ___________________________
   ሐ. ምስ ጐይታ ከመይ ኣሎኺ፧ _______________________
   መ. ኣእዛንኪ ንመንፈስ ቅዱስ ክፉት'ዶ ኣሎ፧________________

2. ህይወትኪ ኣብ ፍቕሪ ከመይ ኣሎ ብኸመይ ከ ተረጋጊጺ፧
   ሀ. ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ ______________________________
   ለ. ፍቕሪ ምስ ኣሕዋት______________________________
   ሐ. ፍቕሪ ንዘይ ኣመንቲ _____________________________

3. ሓሳባትኺን ስምዒትክን ትቖጻጸሪ ዶ፧
   ሀ. ኣብ ዘሕርቕ ኩነታት ከመይ፧ ______________________
   ለ. ሰብ ዘይፈልጦ ምስጢር እንተፈሊጥኪ ንሰብ ንምንጋር ትህወኪ ዶ፧_

4. ንስኺ ካልእ ሰብ ብዘይምኧንኪ ትሕጐሲ ዶ፧
   ሀ. መን ክትኮኒ ምመረጽኪ፧ _________________________
   ለ. ስለምንታይ ትመርጺ፧ ____________________________

5. እዞም ዝስዕቡ ነገራት እንተዝህልዉኒ ዕላማይ ምወቓዕኩ ዶ ትብሊ፧

6. እዞም ዝስዕቡ ኣብ ህይወተይ እንትዝውሰኹ እትብልዮም ነገራት
   ሀ. _______________________________________
   ለ. _______________________________________
   ሐ._______________________________________

7. እዞም ዝስዕቡ ካብ ህይወተይ እንተዝጐድሉ እትብልዮም ነገራት
   ሀ._______________________________________
   ለ._______________________________________
   ሐ._______________________________________

8. በዞም ዝስዕቡ 5 ነገራት ምልእቲ ምኾንኩ ነይረ እትብልዮም ነገራት
   ሀ._______________________________________
   ለ._______________________________________
   ሐ._______________________________________
   መ._______________________________________
   ሰ._______________________________________

9. ሰለስተ ዓበይቲ ናይ ልብኺ ባህግታት
   ሀ._______________________________________
   ለ._______________________________________
   ሐ._______________________________________

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘራረብናሎም ነገራት ብልክዕ ከምዘድልዩኺ ኣስተውዒልኪ መሊስኪዮም እንተኼንኪ እቶም ኪትገብርዮም ዝግበኣኪ እናገበርኪ እቶም ካብ ኣምላኽ ኪወሃቡኺ ዘሎዎም ከኣ ንኣምላኽ ሕተትዮ ኣምላኽ ጸሎት ብምምላስ ዝፍለጥ ኣምላኽ እዩ እሞ ሎሚ ሓደ ኢልኪ ጀምሪ።

**ብፓስቶር ሓድሽ**





# መልእክቲ ህይወት

## እም ህይወትዶ ወይስ እም ሞት፧

**"ስለዚ ኸኣ ከምቲ ብሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፡ ብሓጢኣትውን ሞት፡ ኩላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ ሞት ናብ ኩሉ ሰብ ሓለፈ" (መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ 5፡12 ገጽ 167 ኣብ ሓድሽ ኪዳን)።**

ኣምላኽ ክልተ ኦም ኣብ ገነት ኤደን ኣቐመጠ፡ እታ ሓንቲ ናይ ዘለኣለም ህይወት እትህብ ኦም ነበረት። እታ ሓንቲ ግና ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ነበረት። ኣምላኽ ድማ ንኣዳምን ንሄዋንን ካብዛ ፍረ ኦም እዚኣ ምስ ዝበልዑ ክሞቱ ከም ዝኾኑ ኣጠንቀቖም።

ብርግጽ ድማ እታ ሞትን ህይወትን እተፍልጥ ኦም ንምርኣያ ጽብቕቲ፡ ፍሪኣ ንዝበልዐ ድማ ጥበብ እትህብ፡ ብተወሳኺ ድማ ምቁር ፍረ ከም ዝነበራ መጽሓፍ ቅዱስ ይምህር።

እንተኾነ ግና፡ እዛ እንዛረበላ ዘሎና ኦም ሽሕ እኳ ደጋዊ ጽባቐ ይንበራ እምበር፡ ሳዕቤና ሞት ከም ዝኾነ ክልቲኦም ይፈልጡ እኳ እንተነበሩ። ኣዴና ሄዋን ግና በቲ ብጉርሒ ሰይጣን ዝቐረበላ ምሕባል ተዓዚማ ካብታ 'ኣይትብልዑዋ' ዝተባህለት ፍረ ኦም ወሲዳ ክትበልዕ መረጸት፡ ንኣዳም እውን ሃበቶ።

ክልቲኦም ድማ ካብ ድምጺ ፈጣሪኦምሲ፡ ድምጺ ሰይጣን ክሰምዑ መረጹ እሞ፡ ብሰንኪ ካብታ ፍረ ናይታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ፍረ ኦም ብምብልዖም ድማ መጀመርታ ኣብ ርእሶም፡ ደሓር ድማ ኣብ ዘርኦም ሞት ሓለፈ።

**"ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ናይ ዘልኣለም ህይወት እዩ፡. . . (መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ 6፡22,23 ገጽ 168 ኣብ ሓድሽ ኪዳን)።**

ብተወሳኺ ድማ ብሰንኪ ካብዛ ክልክልቲ ኦም ብምብልዖም ኣዒንቲ ክልቲኦም ተኸፍታ እሞ ጥራዮም ምዃኖም ፈለጡ፡ ካብ ክብረት ኣምላኽ ድማ ረሓቑ። ብሰንኪ እቲ ንሳቶም ዝመረጽዎ ግጉይ ምርጫ ድማ ብመጀመርታ ኣብ ርእሶም፡ ደሓር ከኣ ኣብ ኩሉ ዘርኦም መርገምን ውርደትን ኣስዓቡ።

ሓጢኣት ናብ ዓለም ስለ ዝኣተወ ድማ ሽዑ ንሽዑ ክብሪ ኣምላኽ ካብኣቶም ረሓቐ እሞ፡ ክልቲኦም ንሓድሕዶም ምክሳስ ጀመሩ። ሕልናኦም ስለ ዝኸሰሶም ድማ ካብ ገጽ ኣምላኽ ተሓብኡ። ካብታ ክነብሩላ ዝተዋህበቶም ጽብቕቲ ገነት ኤደን ከኣ ተሰጐጉ።

ሎሚ ክቡር ኣንባቢ ንዓይን ንዓኻን ከምቲ ንኣዳምን ንሄዋንን ዝቐረበሎም ምርጫ ንዓና ድማ ብተማሳሳሊ ዝቐርበልና ምርጫ ኣሎ።

መጽሓፍ ቅዱስ ልክዕ ከምቲ ኣብ ገነት ኤደን ክልተ ኦም ዝነበራ፡ ሎሚ ድማ ብተዛማዲ ክልተ ዝተፋላለያ መገድታት ኣብ ቅድሜና ከም ዘለዋ ይነግረና። እታ ቀዳመይቲ መገዲ ብወገና ዝና፡ ህቡብነት፡ ግዝያዊ ክብረት፡ ወይ ሃብቲ ወይ ድማ ግዝያዊ ተድላ እትህብ ኮይና፡ መወዳእታኣ ግና ጥፋኣትን ዋይዋይታን እተስዕብ መገዲ እያ። ነዛ መገዲ እዚኣ ድማ ሰይጣን ብዝተፈለልየ ምሕባልን ምትላልን ንብዙሕ ሰብ ኣእትዎም ኣሎ።

እታ ካልኣይቲ መገዲ ግና መገዲ-ህይወት ትበሃል። ብርግጽ ድማ እዛ መገዲ እዚኣ ኣጸቢቑ ንዘየስተውዓለ ሰብ፡ መገዲ ዕሽነት እያ እትመስሎ። ስለዚ ድማ ብዙሕ ሰብ በዛ መገዲ እዚኣ ንምኻድ ኣይመርጽን እዩ። እንተኾነ ግና ነቶም በዛ መገዲ ጽድቅን ፍርሃት ኣምላኽን ዝኾነት መገዲ ክኸዱ ዝምድቡ ኩሎም ናብ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም እተእትዎም መጽሓፍ ቅዱስ ይምህር።

እምበኣርከስ ነታ ጽብቕቲ እትመስል ግና መወዳእታኣ ሞት እተምጽእ መገዲ ናይ ሰይጣንዶ፧ ወይሲ ነታ ቀጣን መገዲ ናይ የሱስ ክርስቶስ (መድሃኔ ኣለም) ክንመርጽ፧

መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፡

**"እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ ደገ ርሕብቲ መገዳውን ገፉሕ እያ። እቶም ብኣኣ ዝኣትው ድማ ብዙሓት እዮም። እታ ናብ ህይወት እትወስድ ደገ ግና ጸባብ፡ መገዳውን ቀጣን እያ። እቶም ዝረኽብዋ ኸኣ ሒደት እዮም፡ እሞ በታ ጸባብ ደገ እተው።" (ወንጌል ማቴዎስ 13፡14 ገጽ 7 ኣብ ሓድሽ ኪዳን)።**

እሞኸ ክቡር ኣንባቢ ካብዘን ዘለዋ ክልተ መገዲ ነየነይተን ኢኻ ትመርጽ፧



# ጽምኣት

**ብ**ዛዕባ ጽምኣት ዝብል ሓሳብ ክንሓስብ እንኮለና ጽምኢ ዝብል ሓሳብ ጐድኒጐኑ ይመጽእ። ንኣብነት ሓደ ስነ ሓሳብ ክንርኢ እሞ ብእኡ መሰረት ድማ መንፈሳዊ ሓሳባት ካብ መጽሓፍ ቅዱስና ተበጊስና ክንርእይ ክንፍትን ኢና። ንኣብነት ከምቲ ሓደ ክጐይ ወይ ኩዕሶ ክጻወት ወይ ድማ ኣብ ብርቱዕ ዝኾነ ጉልበታዊ ስራሕ ጻዕርን ድኻምን ዘለዎ እሞ ድማ ናብ ኣጻምእን ጸቕጢ ኣየርን ዘለዎ ቦታ ክሰርሕ ወይ ድማ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክገብር ዝጸንሐ ሰብ እሞ ማይ ምስ ረኸበ ኩነታት ናይቲ ማይ ጹሩይ ድዩ ወይስ ረሳሕ ከየስተውዓለ (ከየረጋገጸ) ግስም ኣቢሉ ይሰትዮ እሞ ንዝነበሮ ጽምኢ የርዊ ይዓግብ ድማ፡ ድሕሪኡ ፍሉይ ዝኾነ ዕጋበት ድማ ይስምዖ። ሎሚ ብብዙሕ ማዕበላዊ ህይወት ፈታኒ ናብራ ክንርኢ ከለና ነብስና ካብቲ ጭንቀትን ብዙሕ ሓሳባትን ውጥናትን ተታሒዛን ተዋጢራን እንሎላ ከመይ ኢላ ካብቲ ናይ እግዚኣብሔር ዝኾነ ዘዕርፍ ነገር ንጽምኣ ተርዊ ወይ ድማ ዓጊባ ትነብር።

እምብኣር ክርስትያን ሎሚ ማዕረ ክንደይ ኢና ነቲ እግዚኣብሄርን፡ ናይ እግዚኣብሄር ነገርን ኣብ ህይወትናን ሂወት የሕዋትናን ቤተሰብናን ሃገርናን ክፍጸም እንጽበ እስከ ንህይወትና ሎሚ ንፈትሽ። ኣሕዋተይ ንእግዚኣብሄር ክንድቲ ዝጸማእናዮ መጠን ክንድኡ ኢና እንረኽቦ። ናትና ጽምኣትን ድልየትን ድማ ንእግዚኣብሄር ይውስኖ እዩ። ብዙሕ ንጸምእ እንተኾይና ብዙሕ ንረክብ ሒደት ንጸምእ እንተኾይና ድማ ሒደት ንረክብ። እግዚኣብሄር ኣይእሰርን እዩ፡ ናይ እግዚኣብሄር ነገር ግና ብምኽንያት ዘይምጽማእና ክእሰር ይክኣል እዩ። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ብምኽንያት ምጽማእና ድማ ክፍታሕ ይክኣል እዩ። ንናይ እግዚኣብሄር ነገር ክንረክብን ኣባና ክመጽእን እንተኰይኑ ንሕና ወሰንቲ ኢና። ስለዚ እግዚኣብሄር ክንድቲ ዝጸማእናዮ መጠን እዩ ኣብ ህይወትና ዝሰርሕን ዝገብርን።

እስከ ገለ ኣብነት ዝኾነና ጸሚኦም ካብ እግዚኣብሄር ዝረኸቡ ናይ እምነት ኣቦታት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ክንርኢ ኢና። ንኣብነት ኤልሳእ እንተድኣ ርኢና ኤልሳእ ዕጽፊ መንፈስ ካብ ናይ ኤልያስ ለሚኑ (ደልዩ) ዕጽፊ ድማ ረኺቡ። ምናልባት ኤልሳእ ንገዛእ ርእሱ ኣብቲ ግዜ እቲ ምስ ኤልያስ ኣራኣእዩ ኔሩ እንተዝኸውን ወይ ድማ ከም ናይ ኤልያስ መንፈስ ምለመነ ወይ ድማ ካብኡ ዝጐድል መንፈስ ኣምላኽ ኣብ ህይወቱ ክረኣ ምደለየ። ምኽንያቱ ቅድሚኡ ኣብ ናይ ኤልያስ ውሽጢ ዝነበረ መንፈስ ኣቓዲሙ ስለ ዝረኣዮ ማለት እዩ ግና ኤልሳእ ብሓቅን ብኹቱር ድልየትን ካብ ኣምላኽ ዕጽፊ መንፈስ ክደልን ክጸምእን እንክሎ ንርኢ። ዕጽፊ መንፈስ ካብ ናይ ኤልያስ ዝበለጸ ድማ ረኺቡ። እግዚኣብሄር ነቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ብሓቂ ካብ ኣምላኽ ክንረኽቦ እንተጸሚእናዮ ጥራሕ ኢና ተማቀልቲ እቲ ሰማያዊ መንፈስ እንከዉን። ኣምላኽ ድማ ንዝበሎ ዝገብር እሙን ምኻኑ ከነስተዉዕል ንጅምር።

ካልእ ከምቲ ኣብ ሉቃስ 7፡2-10 ተጻሒፉ እንረኽቦ ብዛዕባ እቲ ሐለቓ ሚእቲ እዩ። ካብዚ ብሩኽ ናይ ኣምላኽ ሰብ ድማ ሓደ ነገር ንማሃር፡ ኣብቲ ዝነበሮ ግዜን ቦታን እኹል ዝኾነ ስልጣንን መዝነትን ከምዝነበሮ ንርኢ። ክገርመኩም ኣብዚ ሰብ እዚ ዝነበረት እምነትን፡ ወዱ (ግዝኡ) ክፍወስ ዝነበሮ ጽምኣትን ድልየትን ክንርኢ ኩሎና ኣዝዩ ዘገርም እዩ። ማዕረ ክንደይ ንገዛእ ርእሱ

> ***እግዝኣብሄር መንፈሳውያን ክንከውን እምበር ክንመስል ኣይጸውዓናን።***

ምስቲ ዝነበሮ ጽፍሕን ስልጣንን ከይርኣየ ንገዛእ ርእሱ ኣትሒቱ ከምዝርኣያን ዝገመታን እቲ ዝነበሮ ትሕትና ብናይ የሱስ ነገር ውሽጡ ከም ዝተማረኸን፡ ብቐሊል ክንርዳእ ንኽእል። ብተወሳኺ እውን ነቲ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ዝገብሮ ዝነበረ ትእምርትን ተኣምራትን ብወረ ሰሚዑ እዩ ናብቲ የሱስ ዝነበሮ ስፍራ ዝመጸ መጺኡውን ብመንገዲ ፈተውቱን ኣዕሩኽቱን ጌሩ ወዱ (ግዙኡ) ክፍወሰሉ ዝሓተተ። የሱስ ግና ነቲ ኣብ ውሽጢ እቲ ሰብኣይ ዝነበረ ድሌትን ጽምእን ፈሊጡን ተረዲኡን ናብቲ ዝነበረሉ ቤት ከይዱ። እቲ ሓለቓ ሚእቲ ድማ በለ ቃል ጥራይ በል ወደይ ድማ ይፍወስ ... በለ ኮነ ድማ ወዱ (ግዝኡ) ተፈወሰ።

ሎሚ የሕዋት ክንደየኖት ኢና ንናይ እግዚኣብሄር ነገር ጸሚእና ንህይወት ካልኣትን እግዚኣብሄር ክበጽሓናን ክፍውስን ክሰርሕን ጣልቃ ክኣቱን እንገብሮ፡ እስከ ንገዛእ ርእስና ንመርምራን ንፍለጣን፡ ብዙሕ ግዜ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ብዘይ ጽምኣት ስለ እንመላለስ፡ ናይ እግዚኣብሄር ነገር ኣይንረክብን ኢና። ስለዚ ናይ እግዚኣብሄር ነገር እንጸምእን ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ድማ ከምቲ ዝግብኣና ኰይና ክንመላለስን ክንሰርሕን እግዚኣብሄር ጸግኡ የብዝሓልና። ብተወሳኺ’ውን ብምኽንያት ምጽማእ ካብቲ ናይ እግዚኣብሄር ነገር ዝተላዕለ፡ ንናይ ድያብሎስ ስራሕን ምኽርን ብቐሊሉ ክነፍርሶን ደው ከንብሎን ንኽእል ኢና። ንእግዚኣብሄር በቲ ንሕና እንሓስቦን እንርእዮን ክንግምቶን ክንውስኖን ኣይንክእልን እና። እግዚኣብሄር ኣሰራርሕኡን ኣተሓሳስብኡን ኣይግመትን ኣይፍለጥን ድማ እዩ። ናቱ ዝኾነ መንገድን ኣሰራርሓን ድማ ኣለዎ። ሓንትስ ንናቱ ነገር ክንብህጎን ክንጸምኦን ጥራይ እዩ ዘለና።

ምልስ ኢልና ምስእንርኢ ታቦት እግዚኣብሄር ናብ ቤት ኣሚናዳብ ምስ ኣተዎ፡ ቤቱ ኩሉ ክባረኽ እንከሎ ንርኢ። ንሕና ግዳ ሎሚ እቲ ሓቀኛ ዝኾነ ታቦት የሱስ ኣብ ውሽጥና ካብ ኣሚንናዮን ተቐቢልናዮን ንናይ እግዚኣብሄር ነገር ጸሚእና ዘይንረውየሉ ምኽንያት እንታይ ኣሎና። ካብኡ ዝተላዕለውን ነቲ ኣብ ውሽጥና ዝተለዓዓለ ጽምኣትን ድሌትን በቲ ኣብ ውሽጥና ዝተቐበልናዮ ናይ የሱስ ጸጋን ሓይልን እንተ በርቲዕና ኩሉ ሓይሊ ጸልማት ዘበለ ክቐርበና ኣይክእልን እዩ። *እግዝኣብሄር መንፈሳውያን ክንከውን እምበር ክንመስል ኣይጸውዓናን።* ብኻልእ ሸነኹ እንተረኣና ድማ ካብ ጽምኣት ዝተላዕለ ቅብኣት ክፈስስ ይክኣል እዩ። ስለዚ ጽምኣት ቅብኣት ከም ዝፈስስ ይገብሮ ማለት እዩ።

እምብኣር ሎሚ እግዚኣብሄር ኣብ ማእከል ማሕበሩ ክግለጽ እንትድኣ ኮይኑ ዓብይ ነገር ክንጸምእን ክንደልን ኣሎና ማለት እዩ። ከምቲ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ብዝተፈላለዩ ኣገልገልቲ ብተደጋጋሚ ዝብልዎ፡ ንሱ ድማ ክርስትና ሃይማኖት ዘይኮነስ ህይወት እዩ ዝብልዎ፡ ከምኡ ዝኾነ መሰረታዊ ሓሳብን እምነትን ሒዝና ክንመላለስ የድልየና። ከምኡውን ኣብ ነንመዓልቱ ናብ እግዚኣብሄር እናጠበቕናን እናለገብናን ናቱ ዝኾነ ነገር እንዳተቐበልናን ምንባር ወይ ምጉዓዝ እዩ። እግዚኣብሄር ኣብ ህይወትና ኮነ ኣብ ኣሕዋትና ሓድሽ ነገር ምግባር ባህሪኡ እዩ። ሓንትስ ንናቱ ነገር ንጽምኣዮ ጥራይ።

እምበኣር ኣሕዋትን ኣሓትን ከም ክርስትያናት መጠን ንዘመንናን ዘለናዮ ኩነታትን ኣለሲናን ፈሊጥናን ክንከይድ የድልየና ኣሎ። እቲ ሓቅን መንፈስን እግዚኣብሄር ኣብ ህይወትና ክዓይን ክስርሕን እንተዘይፈቂድናሉ ዝገብሮ ነገር የለን። ስለዚ ብዘለና ዓቕሚ ንበገስን ንጽማእን። ምናልባት ናይ ነፍሲ ወከፍና ጸጋን ዓቕምን ክፈላለ ይኽእል እዩ ግናከ ኣብ ኣምላኽ ዘቕርበናን ዝጠቕመናንሲ እታ ናትና ተዋሂባትና ዘላ ጸጋን ዓቕምን እምብኣር ቅዳሕ ናይ ሓደ ወይ ናይ ሓንቲ ኣይኮነን። ስለዚ ክርስትያን ሓወይ ሓፍተይ ናብ እግዚኣብሄር ንጥበቕን ንጽመኣዮን እሞ እግዚኣብሄር ድማ ህላውነቱን ክብሩን ቅብኣቱን ዕብየቱን ተኣምራቱን ፈውሱን ወ.ዘ.ተ. ኣብ ማእከልና ንምግላጽን ንምፍሳስን ምንም ዝኽልክሎ ከምዘየለ ክንርኢ ኢና። ነዚ ክንገብር ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ብኹሉን ኣብ ኩሉን ነገር በቲ ሓቀኛ ዝኾነ መንፈሱ ክገልግለናን ክገልጸልናን ነቲ ዘለና ጽምኣትን ድልየትን ከዕብዮ ንጸሊ!!!!!

*ብኢሳቕ ጸጋይ*





# ቃለ-መሕትት

**......... ካብ ገጽ 14 ዝቐጸለ**

**ጸጋ፡-** ኣማኒ በዚ ኣጋንንቲ ክተሐዝ (ማለት ኣጋንንቲ ክኣትውዋ) ይኽእሉዶ፧ ካብ ተሞክረኻ ዶ ክተካፍለና፧

**ፓስተር ዳዊት፡-** መጀመርያ ክሕተት ዘለዎ ሕቶ ንስኻ መን ኢኻ፧ ኣነ መን እየ፧ ክርስትና ከመይ እዩ፧ ህይወት ከመይ እዩ፧ ኣማኒ ማለት እንታይ ማለት እዩ፧ ኣማኒ ማለት እኮ ብክርስቶስ ኣሚኑ ዝደሐነ ማለት እዩ። እቲ ኣሚንካ ዝደሓንካሉ ክኣ ዕለት ዕለት ብቃል እግዚኣብሄርን ብመንፈሳዊ ነገርን ህይወትካ እንተዘይ ሃኒጽካያ ኣማኒ እየ ኢልካ ስቅ እንተበልካ ህወትካ እናኣንቀልቀለ ይኸይድ ጻላኢ ክኣ ዝውሕጦ ደልዩ ኣብ ዙርያኻ ይዘውር። ብዝወረድካዮ መጠን ክኣ ጻላኢ ቦታ ወይ ቀዳድ ረኺቡ ዘሊሉ ክሐንቅ ደገ ይክፈተሉ። ስለዚ ኣማኒ በቲ ናይ ኣማኒ መመዘኒ ብቅዓት ብቁዕ ኮይኑ እንተተረኺቡ፡ ኣማኒ ብኣጋንንቲ ክትሓዝ ኣይክኣልን፡ ምኽንያቱ ነቶም ዝኣመኑ እዚ ምልክታታት ክስዕቦም እዩ። “ብስመይ ኣጋንንቲ ከውጽኡ ይብል።” ማር 16 ስለዚ ብሓቂ ኣማኒ እንተኾንካ ተውጽእ እምበር ኣይወጽኣልካን እዩ። እምባኣር ኣመንቲ ክንበሃል ሂወትና ወሳኒ እዩ። ስለዚ ሽም ስለዝተዋህበና ጥራሕ ጴንጠ ዝብል ስም ተሰኪምና እንተወጻእና እንተ ኣተና ትርጉም የብሉን ኣመንቲ ምኻንና ብጥንቃቐ ክንሕዞ ኣለና ሽው ኽኣ ኣጋንንቲ ናባና ክኣቱ ዕድል ኣይረክብን። ስለዚ ቤተክርስትያን ክኣ ናይ ምልላይ መናፍስቲ ውህበት የድልያ ብዙሕ ተመኩሮን ልምድን ርኤየ እየ። ካብ ዝተፈላለዩ ኣገልገልቲ እኳ ኣጋንንቲ ክወጹ ርእየ እየ። ስለምንታይ ካብ ኳየር ኣጋንንቲ ይወጹ ይብሉ። ስለምንታይ ዘይወጽእ፡ ዘይወጽኡሉ ምኽንያትከ እንታይ እዩ፧ መጀመርያ ናይ ኳየር ስራሕ እንታይ እዩ ናብ ኳየር ዘእተዎ መን እዩ፧ ሰብ ድምጺ ስለዘለዎ ድዩ ናብ ኳየር ዝኣቱ ወይስ ብዙሕ ዓመት ስለ ዝገበረ እዩ፧ መጽናዕቲ የድልዮ። ካብ ድያቆን (USHER) ይወጽእ። ንምኻኑ ንሕና ተቐባሊ ጋሻ ክንገብር (ክንመዝዝ) ከሎና ከም ሃዋርያት ጾምን ጸሎትን ወሲድና ድና ወይስ ኣይኾነን፧ ስለዚ ኣጋንንቲ ካብ ኳየር ይኹን ካብ ካልእ ይወጽእ። ***ናይ መዘመራን ልብሲ ንኣጋንንቲ ኣይሸፍኖን እዩ።*** ጐይታ እዩ መንፈስ (መናፍስቲ) ዝገልጽ። ክብሪ ንጐይታ ይኹን።

**ጸጋ፡-** ሓደ ኣማኒ ኣብ መንፈሳዊ ህይወት ተዐዊቱ እንብሎ እንታይ ዝመስል ህይወት ምስ ዝህልዎ እዩ፧

**ፓስተር ዳዊት፡-** ጳውሎስ ንሰብ ቆረንጦስ ክጽሕፈሎም ከሎ ከምቲ ኣነ ንክርስቶሰ ዝመስል ዘሎኹ ንስኻትኩም ክኣ ንዓይ ምሰሉ ይብሎም ። ሓደ ኣማኒ ናይ ብሐቂ ኣማኒ እዩ ዘብለኒ ንክርስቶስ ምምሳሉ እዩ። መጽሐፍ ቅዱስ ከዛረብ እንኮሎውን ገዛእ ርእስኻ ኣምልኾ ኣልምዳ ገዛእ ርእስኻ ንእግዚኣብሄር ምምሳል ኣልምዳ ይብል። ስለዚ ንምስሊ የሱስ ክትስቶስ ንምምሳል ክንለማመድ ኣለና። ናብዚ ምልኣት እዚ ናብ ምልኣት ክርስቶስ የሱሰ ክንኣቱ (ክንበጽሕ) ኣለና። ስለዚ ሰብ ናብ ምስሊ ክርስቶስ ንምምሳል ክመጽእ ኣለዎ እዚ እዩ ድማ ዕውት ህይወት።

**ጸጋ፡- ኣብዚ ዘመን ጠንቂ ምክፍፋል ኣብያተ ክርስትያናት እንታይ እዩ፧ ናይ ኣገልግልቲ ድዩ፧ ወይስ...፧**

**ፓስተር ዳዊት፡-** እዚ ከቢድ ነገር እዩ ንኣብነት ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ካናዳ ጐይታ ስለ ዝተዘረበኒ ንኽልተ ዝተኸፋፈላ ኣብያተክርስትያን ከተዓረቕ ከይደ ምስ ነገርክዎም ዝሃቡኒ መልሲ እንተሎ ክንጽልየሉ ኢና ዝብል እዩ። ንሶም ክሳዕ ዝጽልዩ ጐይታ ኣብ ማእከሎም እንተዝመጽእ ናበይ ከምዝከዱ ከማን ኣይፈልጡን እዮም። ሓደ ሰብ መጺኡ ሓደ ሚልዮን ክህበኩም ደልየ እንተዝብል ግን ንጻልየሉ ዝብል የለን። እቲ ቀንዲ ጠንቂ ምክፍፋል ኣብያተ-ክርስትያናት ሓደ **<u>ገንዘብ</u>** እዩ። ገንዘብ ዝፈቱ ሰብ ባዕሉ ገዛእ ርእሱ ወጊኡ እዩ ዝመውት ካልኣይ **<u>ስልጣን</u>** እዩ። ሓደ ኣገልጋሊ ክኣ ነዚ ነገር እዚ ደርብዩ ክመጽእ ኣለዎ። ጐይታ ክዛረብ እንኮሎ እቲ ክስዕበኒ ዝደሊ ኩሉ ነገር ይቐበጽ ይብል። ንሕና ክንመጽእ ከለና ምስ ኩሉ ጋዕ ገልየጠምና ስለ ዝመጻእና ሎሚ ኣብ ቤተክርስትያን ብዙሕ ውግእን ክርክርን ዘይተደለየ ነገርን የምጽእ ኣሎ። ካልእ (ተወሳኪ) ኣብ ቤተክርስትያን ምክፍፋል ዝርኤ ራኢ ዘለዋም ሰባት ክወጹ ከለዉ። ከምኡውን ካብዘይ ምስምማዕ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ብብዝሒ እዩ ዝርኤ። እዚ ክኣ ስጋዊ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ እቶም ዝነበሩ እዮም ጥዑያት ኣይንብልን ሓደ ሓደ ግዜ ውን እቶም ዝተፈለዩ እዮም ጥዑያት ክንብልውን ኣይንኽእልን። እቶም ዝወጹ (ዝተፈለዩ) ጥዑያት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ዜርካ ዜርካ ኩሉ ስጋዊ እዩ። **ቤተክርስትያን ናይ ክርስቶስ እያ።**

**ጸጋ፡-** ሓደ ኣገልጋሊ ዓይነት ኣገልግሎቱ ብዘየገድስ እዚ ሰብ እዚ ኣብ ኣገልግሎቱ ዕውት እዩ ዘብለና መምዘኒታት እንታይ እዩ ትብል፧

**ፓስተር ዳዊት፡-** እዚ ብዙሕ ምግላጽ ዘድልዮ ሕቶ እዩ። ሕጽር ብዝበለ ክገልጾ ከለኹ፡ ሓደ ኣገልጋሊ ተዓዊቱ ብጣዕሚ ጽቡቕ ከይዱ ዓብዩ ዘብለና መምዘኒ ናብ ምልኣት ክርስቶስ ምስዝኣቱ (ዝዓብን) ነቶም ኣብ ትሐቲኡ ዘለው ኽኣ ነዚ መሰረታዊ ዝኾነ ነገር ከትሕዞም ኮሎ እዩ። ንገዛእ ርእሱ ክርስቶስ ንምምሳል ዘላመድ ሰብ እዩ ዓብይ ዝብሃል። የሱስ ምስደፍእዎ ኣይተዳፍኤን ጡፍ ይብልሉ ኔሮም፡ ነገር ግን ነቲ ኣብኡ ዝኣዘዞ ብዘይ ገለ ተጽዕኖ ይፍጽም ነይሩ። ስለዚ ነቲ ጐይታ ዝብለናን ቃሉ ዝብለናን ምስ እንገብር ዕውታት ንኸውን። ህዝቢ ምብዛሕ ምልክት ዓወት ኣይኮነን። መኪና ስለዘለና ገዛ ስለዘለና ገንዘብ ስለዘለና ዕውት ዘብለና ንክርስቶስ እናመሰልና ምስ እንነብር እዩ። ኣብ መጽሓፍ እብራውያን ክንርኢ ከሎና “ገሊኦም ድማ ኣመኑ እሞ ሞቱ ይብል”። እዚ ማለት እቲ ዝተነገረሎም ቃል ከይተፈጸመ ሞቱ ማለት እዩ፡፡ ንሕና ክኣ ተፈጸምልና ክንመዉት ጥራሕ ዘይኮነስ ከይተፈጸመልና ውን ከምቃሉ ብምንባር ክንመውት ንኽእል እና። ኣመንቲ ከንና እንተሞትና ናይ ሓቂ ኣገልገልቲ ናይ ሓቂ ዕውታት ኢና ማለት እዩ።

**ጸጋ፡-** ኣብ መጽሔት ኣንባቆም ይኹን ኣብ (Youtube.com) መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባ ታምራት ገለታ ዝተባህለ ጠንቋሊ ትንቢት ተዛሪበካ ኔርካ፡ ብዛዕብ እዚ ነገር እዚ ቁሩብ ከተዕልለና፧

**ፓስተር ዳዊት፡-** ብዛዕባ ታምራት ገለታ ጥራሕ ዘይኮነ ካልእ ብዙሕ ነገራት እዩ ጐይታ ዝዛረበና ብፍላይ ኣብቲ ናይ ረቡዕ መደባትና ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብዚ ከተማ ብሓይሊ ብናይ ኣጋንንቲ ሐይሊ ዝጥንቁሉ መንፈስ ጐይታ ወቒዔዩ ኣለኹ ኣብ ኣደባባይ ኣብ መራኸቢ ብዙሕን (ማዕከናት ዜና) ከቃልዖ እየ ይብለኒ እሞ ኣሎ ኢለ ኣብ ናይ ሮቡዕ ስሩዕ መደባትና ተዛረብኩ። ድሕሪ ምዝራበይ ሓደ ቀደም ብቐጥታ ብማዕከን ዜና ተሌቪዥን ብቀጥታ ፖሊስ ሕዝዎ ቀረበ። ነዚ ጉዳይ ክኣ 5-6 ሽሕ ዝኸውን ምእመን ኣብ ሮቡዕ ሰምዓ። ብተለቪዥን ብቐጥታ ምስራሓዩ ክኣ ብዙሓት ተገረሙ ብሐቂ ታኣምርእዩ።

**ናብ ገጽ 18 ይቕጽል ......**

# ደሓን ኩኒ ገረበይ

........ካብ ገጽ 15ዝቐጸለ

ሽዑ ንኣይውን ኣይምሕሩንን እዮም ኢለ ፈራህ ኩ፡ እንተ እቲ ህዝቢ ነናብ ቤቱ ከደ፡ ኣነ ድማ ደሓንየ ኢለ ናብ ቤተይ ናብታ ዝተገብረለይ ዘይፈለጠት ማማ፡ ብስራት ከበስራ ኢለ በታ ንብዙሕ ዓመታት ኮፍ ኢለ ዝለመንኩላ ገረበይ፡ በኣእጋረይ ረጊጸያ ንኽሓልፍ ኣብኣ ብጽሕ ምስ በልኩ፡ እቲ ምስኣ ዘሕለፍክዎን ካብኣ ዝረኸብክዎን ኩሉ፡ ኣብዚ ቅድሚ ዓይነይ ከም ሓደ ዓቢ ስእሊ ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ እናተቐጀለ ክረኣየኒ ጀመረ። ግን ኩሉ እቲ ዝሓለፈ ኩሉ ነገር ጊዜ እንተነዊሑ ይምነዎ እዩ። ነታ ንሓንቲ መዓልቲ እኳ ከይተመነየዋ ዘጽለለትኒ፡ ነዛ ጽላልን ዕንጋለት ከብደይ ዝኾነት ገረበይን ግና፡ ከምዚ ኢለ ናይ ንሓዋሩ ስንብታ ተሰናበትክዋ። .....................
**ደሓን ኩኒ ገረበይ** ኣቲ ካብ ሃጽፊ መዕቀሊ፡ ኣብ ሃሩር ድማ መጽለሊ፡ ገረበይ... ይህሉዶኾን ይኸውን ኣብ ኩሉስ፡ ከማኺ። ኣብ ሾንበባ ከውሊ፡ ገረበይ.... ። ሕጂውን ኣብ ትሕቴኺ ካብ ረኸብኩ ፈውሲ፡ ኣብ ግዜ ነቕጺ ከኣ ዛሕሊ፡ ካባ ምስ ሎቕታኡ የእትዎ ለኹ ናብ ጋህሲ፡ ዝኾንክኒ ገረበይ፡ ሎሚ ደኣ ሓራ ኮይና እኮያ ነፍሲ፡ ሰይሜኪ ኢለ ቦታ መፍትሒት ሽግረይ። ገረበይ... ካብ ካባ ናይ ልማኖ ናብራ፡ ሓራ ኮይነ፡ ዝኽርኺ መዓስ ክርስዖ፡ ብመንፈስን ነፍስን ድማ ቀሲነ፡ ስለ ዘይስኣንኩ ኣብጽላልኪ ኮይነ ዝበልዖ፡ ክነብር ካብ ጅመርኩ ኣብዘን ተረፍ ዕድመይ፡ ኣብ ግዜ ጥሜት ዕንጋለት ከብደይ፡ በቃ ናብ የሱስ ኮይኑ ኩሉ ሃሚ ቀልበይ፡ ኣብ እዋን ድኻመይ ድማ ትርኣሰይ። በሊ ደሓን ኩኒ ደሓን ኩኒ ገረበይ፡ እንታይ እሞ ዘይኮንክኒ ንስኺ፡ ጻማኺ ኣይትስኣኒ ካብ ብሩኽ ኣምላኸይ። እንታይከ ዘይተጠቐምኩ ካባኺ፡ ጽቡቕ ዝመልከዕኪ ድሙቕ ዝግርማኺ፡ ቅያር መግቢ ኮይኑኒ ፍሬኺ፡ ደሓን ኣይሰኣን ንዘልኣለም ካባኺ፡ መጸግዒ ሕቖይ ኮይኑኒ ጉንድኺ፡ ይውጻእ መመሊሱ ፍሬኺ፡ ጽላል ኮይኑኒ ቆጽልኺ፡ መጽዮም ንዝተጸግዑኺ ለግስሎም ኢኺ ፍቕርኺ። ማሚ`ኳ ዘይተሻቐለት ብኣኺ። ገረበይ...... እንተ ኣነሞ ደሓን ኩኒ ቀይረ`የ ኣድራሻይ፡ ኣየሸገርኽንን ኣብተን ግዜ ሽግራተይ፡ ደሓን ኩኒ ገረበይ ደሓን ኩኒ ብሓፈሻ። ኣይተመነወክን በተን ብዝሒ ዓመታተይ፡ ኣይተጸየፍክንን ርኢኺ ድኽነተይ። ገረበይ ------------------------------------------። እዚ ሰብ ኣባኺ ተኸዲኑ ካባ ናይ ልማኖ፡ ሎቕታውን ተሓንጊጡ ንመኣከቢ ዝኾኖ። ገረበይ... ኣየ ትዕግስትኺ ተጻዋርነት ዓቕልኺ፡ --- ኢለ ኣእዳወይ ሓፍ ኣቢለ እናንቀሳቐስኩ ተፋነኽዋ። ብድሕሪዚ መንገደይ ናብ ገዛ ገጸይ ኣቕኒዐ ነታ ዝወለደትኒ ወላዲተይ ምስ ምሉእ ኣካላተይ ምእንቲ ክትርእየኒ ከም ቆልዓ እናዘለልኩ ናብ ኣፍደገ ገዛና በጻሕኩ። ዝረኣዩኒ ጐረባብትና ተገረሙ፡ ኣንስቲ እሞ ኸኣ እልል ክብላ ጀመራ። ነዚ ዝሰምዓት ማማ ኣፍደገ ማዕጾ ከፊታ እንታይ እልልታ ደኣ እየ ዝሰምዕ ዘሎኹ ኢላ ቅልቅል እንተበለት፡ ኣብ ኣፍደገ ገዝኣ ብእግሩ ደው ዝበለ ወዳ። ማማ ተደናገረት እትብሎ ድማ ጠፍኣ። ንኸተረጋግጽ ግና እሰይ ዲኻ በለት። ኣነ ድማ ብዓውታ እወ ኣደይ መዓረይ፡ የሱስ በዓል ናዝሬት ፈዊሱኒ ፈዊሱኒ በእጋረይ መጺኣ ርኣይኒ እናበልኩ ኣብ ቕድሜኣ ዘለልኩ። ነዚ ርእያ ዘረጋገጸት ኣደ ዓለለት፡ ሰገደት፡ ስር በለት፡ ሓሓቁፋ ሓንሳእ ኣብ ግንባረይ፡ ሓንሳእ ኣብ ምዕጉርተይ፡ ሓንሳእ ኣብ ኣብራኸይ፡ ክትስዕመኒ ጀመረት። ኣብ ቤትና ዓቢ ሓጐስ ኮነ። እግዚኣብሄር ምሕረቱ ስለ ዘዕበየልና ድማ ጐረባብትናን ከባቢናን እግዚኣብሄር ዓቢ ግብሪ ገይርሎም ተበሃሃሉ። ቤትና ናብ ቤት ምስጋናን ሓጐስን እልልታን ተቐይራ ቀነየት። ብዛዕባይ ዝሰምዐ ዘበለ ድማ ኽርእየኒ ይመጽእ፡ መጺኡ ዝረኣየኒ ዘበለ ድማ በቲ ኣባይ ዝኾነ ነገር ተገሪሙ`ን ሰሚዑ`ን ብየሱስ ኣሚኑ ንቤቱ ይምለስ ነበረ። ሕጂ ኣነ ብዛዕባ እቲ ኣባይ ዝኾነ ተኣምራታዊ ኩነት ክዛረብ ቃላት እኳ ለቓቒበ ክዛረብ እንተ በልኩ፡ እቲ ዝለቓቐብክዎ ቃላት እኳ ኣይገልጾንዩ። እንተኾነ፡ ኣብዚ እዋን እዚ ሓደ ነገር እፈልጥ። ንሱ ኸኣ፡ ታሪኸይ ተለዊጡ፡ ከቢድ ጾረይ ተቐንጢጡ፡ ሽግራተይ ኩሉ ተዋሒጡ፡ ካልእ ሰብ ኮይነ እነብር ምህላወይዩ። እታ ዝወለደት ኣደ’ውን ኣብ እርግናኣ፡ ድሕነትን ፈውስን ብየሱስ ረኺባ፡ ናብራ ሓደ ኢላ ጀሚራቶ ኣላ። ንዓመታት መደርበይ ጉሓፋት ኮይና ዝነበረት ግራት ወይንና፡ ንሳውን ንቡር ረኺባ ንዝተደኮነትሉ ዕላማ ክትነብር ጀሚራስ፡ ድሮኳ ንቤትና ክብርን ሃብትን ኣስኒቓ ቶ ትርከብ ኣላ። ኣነውን እተን ብዘይፍረ ከርሲ፡ ዘሕለፍክወን ዓመታተይ፡ ናይ ካሕሳ ዓመት ኮይኑስ ድሮኳ ኣቦ ሓደ ቆልዓ ክኸውን በቒዓ ኣለኹ። ሎሚ ኣቶ ኦሮማይ ከምዛ ዘይነበረ በኒቡ፡ ኣነ ግን ኣብ ልዕሊኡ ረጊጸ እማላለስ ኣለኹ። ሕጂ እቲ ኩሉ ዝረሓቕና ቀረባና ኮይኑ`ዩ። ነፍሰይ ድማ እግዚኣብሄር ሰናይ ምዃኑ ጥዒማስ ሰናይነቱ ጠዓሙ እናበለት ወትሩ ተበስር ኣላ። ነቶም ተስፋና ተቐቢጸ፡ ዓጸጽምትና ድማ ነቀጸ እትብሉ ዘለኹም ሰባት፡ ነፍሰይ ንኣኻትኩም መልእኽቲ ኣለዋ፡ መልእኽታ ድማ እዚ እዩ.... ብ...ር..ግ..ጽ፡ ተ ስ ፉ ኣ ሎ። ኣብታ ዝበልጸት ናይዘልኣለም ኣድራሻና ክሳዕ እንራኸብ ደሓን ኩኑ።

**ተፈጸመ**

**ዕለት ምድራስ፡ 12/2002 ዓሰብ 37ሜ**
**ዕለት ምሕዳስ፡04/2009 ዊኒፐግ ካናዳ**

**ሳምሶን ዮሃንስ**







# ዓምደ ትምህርቲ ኣምልኾ

## ሳልሳይ ክፋል

### (6) ዓይነት ኣምልኾ (ኣምልኾና እንታይ እንታይ የጠቓልል)

ኣምልኾ ንኣምላኽ መንፈሳዊ መስዋእቲ ምቅራብ የጠቓልል። **እብ 13፡5**

- ናይ ምስጋና መስዋእቲ።
- ናይ ጸሎት መስዋእቲ። **ራእ 5፡8**
- ገዛእ ርእስኻ ንኣምላኽ ህያው መስዋእቲ ገይርካ ምቕራብ። **1ጴጥ.2፡5 ሮሜ.12፡1-2**
- “ብመዝሙርን ውዳሴን መንፈሳዊ ቅኔን ንሓድሕድኩም ኣስተምህሩን ምዓዱን ብልብኹምውን ብጸጋ ንኣምላኽ እናዘመርኩም ቃል ክርስቶስ ብኹሉ ጥበብ መሊኡ ይሕደርኹም።” **ቆሎ 3፡16-17** ብጸጋ ንኣምላኽ ምዝማር ኣምልኾ እዩ ።
- ቃል ክርስቶስ ብኹሉ ጥበብ መሊኡ ኣብ ህይወትካ ምሕዳር ኣምልኾ እዩ ።
- ብቓል ኮነ ብግብሪ እትገብሮ ኩሉ ንኽብሪ ኣምላኽ ምውዓል ኣምልኾ እዩ። **ነህ 8፡2-6**
- ንቃል ኣምላኽ ከምቲ ዝግባእ ክብሪ ምሃብን ምስማዕ ምንባብ ኣምልኾ እዩ።
- ንቓል ኣምላኽ ኣሜን ኢልካ ምእዛዝ ኣምልኾ እዩ።
- ኣብ እትነብሮን እትኸዶን እትገብሮን ኩሉ ንኣምላኽ ምኽባር ኣምልኾ እዩ። **ቆሎ 3፡23-24**

**ቆሮ10፡31** “እምበኣረይ እንተ በላዕኹም ወይስ እንተሰቴኹም ዝኾነ ይኹን እንተ ገበርኹም ንኽብሪ ኣምላኽ ግበርዎ።”

- ገጽ እግዚኣብሄር ምድላይን ኣጸቢቕካ ንኣምላኽ ክትፈልጦ ምድላይን ኣምልኾ እዩ። “ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድሚ ገጹ ክንከውን ኢና ተጸዊዕና”። **2ዜና 7፡14 መዝ 63፡1-3** “ብሓፈሻ ጸሎት ኣምልኾ እዩ”
- ብቕኑዕ ልቢ ንኣምላኽ ምግልጋል ኣምልኾ እዩ። **መዝ 100፡2** “ንእግዚኣብሄር ብሓጐስ ተገዝእዎ”
- ካብ ዘሎካ ኩሉ ገንዘብ ኮነ ንብረት ንዕዮ ኣምላኽ ምሃብ ኣምልኾ እዩ። **መዝ 66፡13-14** እቲ ከናፍረይ እተዛረቦ ጸቢቡኒ ከሎኹ ኣፈይ ዝበሎ መብጽዓይ ክፍጽም እየ። **ፍሊ 4፡18-19** ኩሉ ኣሎኒ ምስ ትርፉ ኣሎኒ እቲ ካብኻትኩም ብኢድ ኤጳፍራዲጦስ ዝመጸኒ ምዑዝ ሽቶ



ፓስተር ሃብተሚካኤል በራኺ

ስሙር ንኣምላኽ ዘሐጉስ መስዋእቲ ኣምልኽ ድማ ከም መጠን ሃብቱ ድሌትኩም ዘበለ ክመልኣልኹም እዩ።

- ካብ ዘሎካ ነገር ንኻልኦት ምክፋል ኣምላኽ ዝሰምሮ ኣምልኾ እዩ። “ኣምልኾ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ መስዋእቲ ይሰምሮ እዩ እሞ ሰናይ ምግባርን ምምቃልን ኣይትረስዑ” **እብ 13፡16።**
- ንዘኽታማትን መበለታትን ኣብ መከረኦም ምብጻሕ ኣምልኾ እዩ። **ያቆብ 1፡27**
- **እብ 12፡28-29** ዕብየት ኣምላኽ ፈሊጥካን ተረዲእካን ንኣምላኽ ብዘሐጉስ ምኽባርን ብፍርሃትን ንእግዚኣብሄር ምግልጋል ኣምልኾ እዩ።
- ሓለፋ ኩሉ ነገር ንእግዚኣብሄር ምፍቃር ኣምልኮ እዩ። **ራእ 2፡1-4**

**ከመይ ጌርናን ክሳዕ ክንደይን ኢና እንህብ።**

**2ቆሮ 8፡1**

♦ከም ዓቕሞምን ሓለፋ ዓቕሞምን።
♦ባዕላቶም ፈትዮም ከምዝሃቡ።
♦ካብ ጥልቂ ድኽነቶም ንምሃብ እምብዛ ልግሶም ዓዘዘ።
♦ብፍቓድ ኣምላኽ ቅድም ንጐይታ ድሕሪኡ ኸኣ ንኣና ርእሶም ወፈዮ።
♦ከም ዓቕምኹምውን ብግብሪ ፈጽሙ።
♦ፍቓድ ልቢ እንተሎ በቲዘለዎ መጠን ቅቡል እዩ እምበር ብዜብሉ ኣይኮነን።

**2ቆሮ 9፡6**

♦እቲ ቆጢቡ ዝዘርእ ቆጢቡ ይዓጽድ፡ ብበረኸት ዚዘርእ ግና ብበረኸት እዩ ዝዓጽድ።
♦ኣምላኽ ሕጉስ ወሃቢ እዩ ዝፈቱ እሞ ነፍሲ ወከፍ ብጓሂ ወይ ብግዲ ዘይኮነ ከምቲ ልቡ ዘሐለኖ ይሃብ።

***ዘሎዎ በረኸት ድማ***

ኣምላኽ ከኣ ምእንቲ ብኹሉ ኹሉሳዕ ዚኣክል ኩሉ ሒዝኹም ንሰናይ ግብሪ ኩሉ ጸብለል ክትብሉ ጸጋ ዘበለ ኣባካትኹም ጸብለል ኬብል ይክኣሎ እዩ።

**ሉቃ6፡38**

ግናኸ እቲ ንዘራኢ ዘርእን መግቢ ዚኸውን እንጌራን ዚዕድል ንሱ ዘርእኹም ክዕድለኹም ከበርክተልኹምን ንፍረ ጽድቅኹም’ውን ኬብቑል እዩ።

### (7) ካብ ዘሎኻዮ ኩነተት ወጺእካ ንእግዚኣብሄር ምምላኽ

**ሀ. <u>ዘየቋርጽ ኣምልኾ</u>**

♣ **መዝ.34፡1-10** “እግዚኣብሄር ኩሉ ጊዜ እባርኾ ውዳሴኡ ንሓዋሩ ኣብ ኣፈይ እዩ።” ዳዊት ኣብ ቅድሚ ኣቢሜሌክ ዕቡድ ምስ መሰለ ተሰጉጉ ከደ።
♣ ዳዊት ዝነበሮ ኩነታት ንኣምልኾ ዝምችእ (ዝጥዕም) ኣይመስልን ግናኸ ዳዊት ካብቲ ዝነበሮ ኩነታት ወጺኡ ንእግዚኣብሄር ከምልኽ ከሎ ንምልከት። ኣብ ዘሎዎ ኩነታት ኾይኑ ንእግዚኣብሄር ምሳይ ኣዕብይዎ ንስሙ ሓቢርና ልዕል ነብሎ። ይብል
♣ *ዘለኻዮ ኩነታት ንእግዚኣብሄር ከተምልኽ ዘይድርኽካ እኳ እንተኾነ ንእግዚኣብሄር ምምላኽ ክትቕጽል ይግባእ።*

ዳዊት ንምንታይ ንእግዚኣብሄር ከምዘምልኾ ክዛረብ ከሎ ከምዚ ይብል። እቲ ናይ መጀመርታ ዳዊት ዝገልጾ ኣብ

ናብ ገጽ 6 ይቕጽል ......................

# ኣ ም ል ኾ

**.........ካብ ገጽ 5 ዝቐጸለ**

ቁጽሩ 4 "ንእግዚኣብሄር ደለኽዎ ንሱውን ካብ ኩሉ ፍርሃትይ ኣናገፈኒ" እግዚኣብሄር ነቶም ናብኡ ዝጥምቱ ከቶ ከምዘየሕፍሮም ኣጸቢቑ ስለ ዘስተውዓለ እዩ።

- ♣ኣብ መከርኡን ጸበባኡን እግዚኣብሄር ከም ዝረድኦ ስለ ዝበርሃሉ።
- ♣ኣብ እግዚኣብሄር ዝውከል ሰብ ምንም ነገር ከም ዘይጐድሎ ኣጸቢቑ ስለ ዘስተውዓለን ዝበርሃሉን እዩ።

ሓደ ሓደ ጊዜ ዘሎናዮ ኩነታት ንእግዚኣብሄር ንምምላኽ ዘይድርኸና ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ግናኸ ሓቀኛ ናይ ኣምልኾ ምስጢር እንተ በሪሁልናን ካብቲ ዘሎኻዮ ኩነታት ወጺእካ ንእግዚኣብሄር ከተምልኽ እንተጀሚርካን ኩነታትካ ከምዘይነበረ እዩ ዝኸውን ።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ክንርእዮ ዝጸናሕና ብዕምቖት ከብርሃልና ካብ ትንቢት ኣምባቆም ገለ ገለ ነጥብታት ክንምልከት ኢና።

- ♣ኣምባቆም ምዕራፍ ሐደ እንተተመልከትና ነብይ ኣምባቆም ዝነበሮ ጾርን እቲ ነብይ ብዛዕባ መንነት እግዚኣብሄር ዝነበሮ ሕቶን ንምልከት።
- ♣ኣብ ምዕራፍ ክልተ እቲ ነብይ ብዛዕባ ኩነታቱን ኩነታት ህዝቡን ዝነበሮ ናይ ጸሎት ክርክር (ምጉት ምስ እግዚኣብሄር) ንምልከት።
- ♣ኣብ ምዕራፍ ሰለስተ ግና ነብይ ኣምባቆም ኣጸቢቑ ብዛዕባ መንነት ኣምላኽ ኣጸቢቑ ስለ ዝበርሃሉን ከምእውን ካብ እግዚኣብሄር ዝኾነ ቃል ስለ ዝሰምዔን ካብ ዝነበሮ ኩነታት ወጺኡ ንእግዚኣብሄር ከምልኽ ዝጀመረ። ኣምባቆም ኣብ መጨረሻ ዝብሎ ነገር እንተሎ ዘለኽዎ ኩነታት ከም ዝመሰለ ይምሰል ኣነ ግና ንእግዚኣብሄር ምምላኽን ምምስጋንን ኣየቋርጽን እየ፡ እዩ ዝብል ዘሎ።

ካብዚ እንመሃሮ ብዙሕ ነገር ኣሎ። ሐደ ሐደ ጊዜ ዘሎና መንፈሳዊ ኮነ ስጋዊ ጾርና ንእግዚኣብሄር ምምላኽ ክኽልክለና የብሉን። ሐደ ሐደ ጊዜውን ብዛዕባ እቲ ዘሎናዮ ኩነታት ብጸሎት ክንከራኽርን ክንማጐትን ንእግዚኣብሄር ዘሎና ናይ ኣምልኾ ህይወት ከይጠፍእ ኣዚና ክንጥንቐቕ ይግባእ። ብተወሳኺ ኩነታትና ንእግዚኣብሄር ካብ ምምላኽ ክዓግተና የብሉን። ኣብ መጨረሻ ካብቲ ዘሎኻዮ ዘጨንቐካን ተስፋ ዘቑርጸካን ኩነታት ወጺእካ ማንነት ኣምላኽን ዕብየቱን ኣስተውዒልካ ንእግዚኣብሄር ምምላኽ ምስ ዘይተቛርጽ እቲ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ ንኹነታትካ ከምዘይነበረ ክልውጦ እዩ።

## ለ- ዘይጠፍእ ኣምልኾ

"እቲ ኣብ መሰዊኢ ዘሎ ሓዊ ኣብኡ ይንደድ ኣይጥፋእ" **ዘሌ.6፡9-13**

ካብዘን ጥቕስታት ሰለስተ ነገራት ክንምልከት ኢና።

ብመጀመርታ እዚ ሓዊ እዚ ሙሉእ ለይቲ ከየቋረጸ ክነድድ ዘሎዎ ሓዊ እዩ።

እዚ ሓዊ እዚ ከየቋረጸ ምእንቲ ክነድድ ድማ እቲ ካህን ኣብ ጸጽባሕ ነቲ ሓዊ ዘቀጻጽል ዕንጨይቲ ክውስኹሉ ከም ዘለዎም ይዛረብ። ኣብ መጨረሻ እቲ ኣብ መስውኢ ዘሎ ሓዊ ከምዝግባእ ምእንቲ ክነድድን ክቀጻጸልን ነቲ ኣብ መሰውኢ ዘሎ ሐመድ (ሐሞኽሽቲ) ከጽርይዎ (ከውጽእዎ) ከም ዘሎዎም ኣነጺሩ ይዛረቦም። ካብዚ እንታይ ንመሃር፧

- ♣ብመጀመርታ ናይ ኣምልኾ ህይወትና ኣብ ቤተክርስትያን ጥራይ ዘይኮነ ዘየቋርጽ ናይ ኩሉ ዕለት ናብራና ክኸውን ከምዘለዎ።
- ♣ካልኣይ ናይ ኣምልኾ ህይወትና መታን ክቀጻጸልን ክነድድን ንቓል ኣምላኽ ጸሎትን ሕብረትን ኣሕዋትን ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓውን ከምኡውን ንቕንኣትና ዘለዓዕል መንፈሳዊ ጽሑፋትን ኣብ መሰዊእና ክንውስኽ ይግባእ።
- ♣እቲ ሳልሳይ ናይ መወዳእታን ናይ ኣምልኾ ህይወትና ክይቐጻጸልን ክይነድድን ምኽንያት ዝኸውን ኩሉ ነገራት ካብ ህይወትና ከነርሕቆ ይግባእ። ኩሉ ባእሲ ቂም ወይ ድማ ይቕረ ዘይምባል ክብደት ዘይምእዛዝን ዘይተደለየ ናይ ኣምልኾ ህይወትና ዝስርቕ ዘበለ ኩሉ ካብ ህይወትና ከነርሕቆ ይግባእ።

**ዘለኻዮ ኩነታት ንእግዚኣብሄር ከተምልኽ ዘይድርኸካ እኳ እንተኾነ ንእግዚኣብሄር ምምላኽ ከትቕጽል ይግባእ።**

ሎሚ ክንደየናት ኣመንቲ ኮነ፡ ቤተሰባት ኮን ንኸውን ብምኽንያት ዝተፈላለየ ነገራት ናይ ኣምልኾ ህይወትና እናተዳኸመ ወይ ድማ ተቐሪጹ ዘሎ። ኣምላኽ ብመንፈሱ ክዛረበና ከሎ ንናይ ኣምልኾ ህይወትና ክዳኽም ምኽንያት ዝኸውን ኩሉ ክንርሕቖሉን ከነውጽኦን ፍቓደኛታት ክንከውን ይግባእ።

## ሐ- "ዝፈረሰ ናይ ኣምልኾ ህይወት ይተሐደስ"።

**1ነገ.18፡30** "ኤልያስ ድማ ነቲ ፈሪሱ ዝነበረ መሰዉኢ እግዚኣብሄር ኣሓደሶ።"

**ኣሞጽ 9፡11-12, ግብ.15፡15-18**

"በታ መዓልቲ እቲኣ ነታ ዝወደቐት ድንኳን ዳዊት ከልዕላ፡ ነቓዓታ ከኣ ከጣጥሕ እየ፡ ንዑናኣ ከልዕሎ፡ ከምቲ ብዘመን ጥንቲ ዝነበረቶ ገይረ ክሃንጻ እየ። ይብል እግዚኣብሄር እቲ ነዚ ነገር ዝገብር እግዚኣብሄር።"

ነታ ወዲቓ ዘላ ድንኳን ዳዊት ከም ብሐድሽ ክሰርሓ እየ።

ነቲ ዑናኣ ክሕድስ እየ።

ከም ብሐድሽ ክቐንዓ እየ።

ኣብዚ ቃል ከም እንምልከቶ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ድንኳን ዳዊት ኣዝዩ ዘገርም ዓብይ መንፈሳዊ ተሃድሶ ከም ዝገብር እዩ ቃል ኣምላኽ ዝዛረብ።

ምሕዳስ ድንኳን ዳዊት ድማ ምሕዳስ ህላውነት ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ህዝቡን፡- ምሕዳስ ናይ ኣምልኾ ኣገልግሎትን፡- ምሕዳስ መንፈስ ጸሎትን ምህላላን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኣምላኽን እዩ ዘመልክት። **ዘካ12፡10**

ኣብ እዝራ **3፡1-7** ህዝቢ ኣምላኽ ካብ ምርኮ ምስ ተመለሱ እቲፈረሱ ዝነበረ ናይ ኣምልኾ ህይወትም እግዚኣብሄር ከም ዝሐደሰ ቃል ኣምላኽ ይነግር።

ኣብ **ነህምያ 8፡2-6** ድማ ህዝቢ ኣምላኽ ንነዊሕ እዋን ጠፊእዎም ዝነበረ ናይ ቃል ኣምላኽ ህይወት እግዚኣብሄር ፈጺሙ ከም ዝሐደሰ ቃል እግዚኣብሄር ይነግረና። ሎሚ ከም ውልቂ ኮነ ከም ቤተሰብ ከምእውን ከም ህዝቢ ኣምላኽ ክሕደስ ዘሎዎ ናይ ኣምልኾ ህይወት ኣሎ።

ኣምላኽ ብሐፈሻ ናይ ኣምልኾ ህይወትና ከሐድሶ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እንተቐሪብና እቲ ነዚ ነገር እዚ ዝገብር እግዚኣብሄር ብኹሉ ናይ ኣምልኾ ህይወትና ፉሉይ ተሐድሶ ክገብር ይኽእል እዩ።

**ናብ ገጽ 7 ይቕጽል...............**







# መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትረኻ

# ደሓን ኩኒ ገረበይ

**ካልኣይ ክፋል**

*ብሳምሶም የዉሃንስ*

**ካ**ብ ስንባድ እተላዕለ ከኣ እቲ እኩብ ህዝቢ ንሓድሕዱ እዝስ እንታይ ኮን ይኸውን እናተበሃሃለ፡ ክግረምን ክድነቕን፡እንተገለ ድማ፡ እዚኣቶም ብንግሁኡ ጉዕ ሜስ ሰትዮም፡ ጸጊቦም እዮም እናበሉ ከላግጽን ኣነ በእዛነይ ሰማዕኩ።.........

ንባዕለይውን ተገረምኩ፡ ሰዓብቲ እቲ ተኣምረኛ የሱስ ከም ዝነበሩኽኣ ፈለጥኩ። እንተ ኣነ ዝሰምዖ ወረ እንተዘይኮይኑ ንኣኣቶም ከይደ ክርኢ ዘኽእል ዓቕሚ ኣይነበረንን። እንተ ከምዚ፡ እንተ ከምቲ ኣነ'ሞ ከምቀደመይ እየ። እንተ ሸዑ ብዕድመ ደረጃ ንሰላሳታት ደሓን ኩኒ፡ ነርብዓ ሓደርኪ ክብላ ናይ ደቓይቕ ተሪፈናኒ ከም ዝነበራ እዝክር። እዚ ደረጃ ዕድመ እዚ፡ ተመርዕየስ ውላደይ ዝርእየሉ ውላደይውን ዘመርዕወሉ ጊዜ እዩ ዝነበረ። እንተኾነ፡ ጐደሎ ኣካል ካብ ሙኺነይ እተላዕለ ተሓቲታ ሕራይ እትብለኒ ጓል ሄዋን ስለ ዘይተረኽበት በቃ፡ በተኽ ኮይነ ንኽነብር ዘየጨክን ኣጨኪኑኒ። ንቤት ኣቦይ ዘርኢ ከይሓደግኩ ዕድመይ ይኸይድ ብምንባሩ ድማ የጉህየኒ ነበረ። እንቲ ምንታይሲ ኣብ ሃገርና ሰብ ሓድጊ ከይገደፈ ክኸይድ እንከሎ እቲ ቀንዲ ጓሂ ስለ ዝነበረ። እንተኾነ ግን ንመፋርቕ ዘመን ኣብ ዝተገማገምክሉ፡ ንመጻኢውን ተስፋ ምግባር ኣብ ዝሓደግኩሉ እዋን፡ ታሪኸይ ዝልውጥ፡ ጾረይ ዝቕንጥጥ፡ ንኩነታት መነባብሮይ ኣመዓራርዩ ዘቀምጥ፡ ግዜ መጺኡኒ ። ከምታ ናይ ቀደመይ ካባ ናይ ልማኖይ ተኸዲነ ኣብታ ልምዕቲ ገረበይ ተቐሚጠ ክልምን ድሕሪ ምጽንሓይ፡ ክልተ ሰባት በታ ዘለኽዋ ደገ ኣቢሎም ናብ ቤተ መቕደስ ክኣትዉ ምስ መጹ፡ ንኽምጽዉቱለይ ኢለ፡ ኣምላኽ እስራኤል ይሃብኩም፡ ካብዚ ኸማይ የድሕንኹም፡ ካብ ዘርእኩም ተኸፈሉ ጻማኹም፡ ከም ስየ ይንዋሕ ዕድሜኩም፡ ብበረኸት ይነኽነኽ ቆፋፉኹም፡ ዋላ ሓንቲ ለብጦን ለግሱለይ በጃኹም፡ ስለ..... ዓይነ ብርኪ ስለ ዓይነብርኪ ........... እናበልኩ ልማኖ ምስ ጀመርኩ፡ ሓደ ጉልቡት ሸያብ ሰብኣይ፡ ምስቲ ምስኡ ዝነበረ ፍሽኽታ ዝመልኦ ድልዱል መንእሰይ ኮይኑ ምስ ጠመተኒ፡ እሞ ብላዛ ዘለዎ ቃላት ናባና ጠምት ምስ በለኒ፡ ብልበይ ዋው ብርኽቲ መዓልቲ ብርኩት ገንዘብ ክህቡኒ ደልዮም'ዮም ኢለ፡ ኣዒንተይ ኣፍጥጥ፡ ኣእዳወይውን ስድድ ከብል ምስ ጀመርኩ፡ እቲ ድልዱል ሸያብ ሰብኣይ (ብሩርን ወርቅን የብለይን) ኢሉ ዘረባኡ ክጅምር፡ ኣነውን ብልበይ እሞ ዘይብልካ እንተ ኾይኑ ስቕ ኢልካ ዘይትሓልፍ ኢለ ኣእዳወይ ምልስ ከብል፡ ብኡንብኡ፡ እቲ ዘሎኒ ግን እህበካ፡ ኢሉ ቅጽል ከብልን፡ ኣነ ኸኣ፡ ብልበይ ኣሃ ካልእ ዝወሃብ ኣለዎ ማለትዩ ኢለ እንደገና ብቕጽበት ኢደይ ስድድ ከብልን፡ እቲ ሰብኣይ ቀጺሉ፡ "**ብስም የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ ተንስእ እሞ ኪድ**" ምስ በለኒ፡ ከምዛ ማይ ዝተኻዕዎ ሰብ ካብ ጨጉሪ ርእሰይ ክሳዕ ጽፍሪ እግረይ፡ ጥዑም ዛሕሊ ውርር በለኒ፡ እቲ ሰብኣይ እንደገና ከይደንጐየ፡ ነታ ዘርጊሐያ ዝነበርኩ የማነይቲ ኢደይ ብየማነይቲ ኢዱ ጨቢጡ፡ ንኹልንትናይ ስሕብ ምስ ኣበሎ፡ ኣብራኽይ ቛዕ፡ ዓንካር ዓንኳሪቶይ ከኣ ቆራዕራዕ ኢለን። እዘን ደው ኢለን ዘይፈልጣ ክልተ ኣእጋረይ ደው ምስ በላ፡ልበይ ብሓጐስ ነደደ፡ ልሳነይ ብእልልታ መልኣ፡ ብዘይ ልበይ ከኣ ብሓይሊ ንላዕሊ ገጸይ ክሰራሰርን ናብዝን ናብትን ኢለ ክዛወርን ጀመርኩ፡ ነቲ ዝኾነ እናርኤኹ ምእማን ሰኣንኩ። ልሳነይ ሃሌሉያ፡ ተመስገን፡ ኣሎኻ ኣምላኽ ኣብርሃም፡ ኣሎኻ ኣምላኽ ይስሓቅ፡ ኣሎኻ ኣምላኽ እስራኤል፡ እናበልኹ ነቶም በስማቶም ዘይፈልጦም ደቀ መዛሙርቲ የሱስ፡ ይሓቕፎምን ይስዕሞምን ነበርኩ። በቲ ዝተገብረለይ ተደነቕኹን ተገረምኩን። እታ ካብ ኢድ ሰብ እተደርበየላ ንምቕባል እትዝርጋሕ ኢደይ፡ ንዋላ ሓደ ግዜኳ ብጌጋ ብኢድ ሰብ ተተንኪያ ዘይትፈልጥ ፍንፍንቲ፡ ንመጀመርታ እዋን ብኢድ ሰብ ተጨቢጣ ምርኣየይውን ከየገረመኒ ኣይተረፈን። ካ ል እ ' ው ን እንትርፎ ኣብታ ጽብቕቲ ደገ ቤት መቕደስ እትብሃል፡ ተቐሚጥካ ምልማን፡ ንሓንቲ መዓልቲ እኳ ንቀጽሪ ቤት መቕደስ ረጊጸያ ዘይፈልጥ፡ ንፈለማ እዋን፡ ኣብዛ ናይ ትንሳኤ መዓልተይ፡ ምስቶም ሰዓብቲ እቲ ቅቡእ ክኣትዋን ክረግጻን ምብቅዓይ እዚ ዘይበሃል ሓጐስን ፍስሃን'ዩ ዝሰመዓኒ ዝነበረ። ምስቶም ቅቡኣት ናይ ክርስቶስ ሰዓብቲ ኮይነ፡ ኣብ ቅድሚኦም፡ ክሰራሰርን ክዛወርን ዝረኣየኒ ኩሉ ድማ፡ በቲ ኣባይ እተገብረ ተኣምር፡ ንካልኣይ ግዜ ተገረመን ተደነቕን። እንተ ኣነ'ሞ ፈውስን፡ ዘመን ዕረፍትን ስለ ዝመጸለይ፡ ነታ ዘሕወየትኒ ስም እናሰመኹ ንምምስጋን ኣይተዘሓጥኩን። ትመስገን ትባረኽ ትወደስ ትመለኽ እዛ ልዕልቲ ስም እናበልኩ እጭድርን እዘልልን ነበርኩ። ቅድሚ ሕጂ ብወረን ብዋጭዋጭ ምባሎምን ብዓነይ ጥራይ ዝተላለኽዎም፡ ሎሚ ግና ብኣታቶም ኣቢለ ፈውሰይ ምስ ተቐበልኩ፡ ምሳታቶም ለጊበ ዝረየኒ ዘበለ ኩሉ፡ ቅድሚ ሕጂ፡ ንክቶኽበለይ ጥራይ ኢዱ ዝዝርግሓለይ ዝነበረ ሎሚ ግና ንኣይ ክርኢ፡ ናብቲ ደው ኢልናሉ ዝነበርና ገበላ ሰሎሙን'ዩ ክጓየ ዝጀመረ። እንተ ኣነ፡ ከም እራብ እሰርር፡ እንተ ህዝቢ ድማ፡ እናረኣየኒ ይግረም ይድነቕ። እቲ ካብ ካህናት ቃለ ቡራኬ ክሰምዕ ዝጽበ ዝነበረ ህዝቢ ንካህናት ገዲፉ'ዩ ነቲ ኣባይ ዝተፈጸመ ክሪኢ ተጓሕጒሑ ዝመጸ። እቲ ብስሙ ድሒረ ዝተላለኽዎ ሃዋርያ ጴጥሮስ ግና፡ እቲ ህዝቢ ተጓሕጒሑ ከም ዝመጸ ምስ ረኣየ፡ ሸዑ ብዘይ ፍርሃት ከምዚ ኢሉ ቃል ብስራት ክነግር ጀመረ። (ግብ 3፡12-26 ...ሸዑ ካብቶም እዚ ቃል ብስራት ዝሰምዑ፡ ብዙሓት ሰባት ብየሱስ ኣመኑ። ኣነውን ንባዕለይ በቲ ዝተነግረኒ ቃል ተረቲዓ፡ ነቲ ፈዋስየይ የሱስ ኣሚነ፡ ድሓንኩ፡ ሃዋርያ ጴጥሮስ መልእኽቱ ውድእ ከብል፡ እቶም ሰብ ኩሉ ሓሓዲግዎም ዝመጹ ካህናትን ሓልቑ ቤተ መቕደስን ሰዱቃውያንን ብነድሪ ናብ ገበላ ሰሎሙን ብምምጻእ፡ ንምንታይ ብዝዕባ እቲ ዝሞተ የሱስ ትሰብኩ ኢሎም፡ ኣእዳዎም ዘርጊሖም ንጴጥሮስን ዮሃንስን ሓዝዎም። ናብ ቤት ማእሰርቲ ድማ ኣእተውዎም።

**ናብ ገጽ 16 ይቕጽል ..........**

# ቃለ-መሕትት

......... ካብ ገጽ 9 ዝቐጸለ

ንቤተክርስትያን ብጣዕሚ ኣድለይቲ ንሓዳር ኣድለይቲ። ኣነ ሕጅ ካብ ስራሕ ወይ ካብ ቤተክርስትያን ክመጽእ እንኮለኹ ብዓልቲ ቤተይ ኣብ ገዛ እንተዘየላ ብጣዕሚ እየ ዝሓዝን ማለት ነቲ ቤት ማዐርጉ ንሳ እያ ንሳ እንተላ ደስ ይብለካ። ስለዚ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቤተን ኣገደስቲ እየን። ኣብ ቤተ ክርስትያንውን ኣገደስቲ እየን ግን ብኣገባብ እንተተጠቂመናሉ እዩ።

***ጺጋ፦ ኣጋንንቲ ወይ ርኹሳት መናፍስቲ እንታይ እዮም፣ ምንጬም ከ ካበይ እዩ፣***

**ፓስተር ዳዊት**፦ ብጣዕሚ ጽቡቕ፡ ጐይታ ክዛረብ እንከሎ "ሰይጣን ከም መብረቕ ካብ ሰማይ ክወድቕ ከሎ ርኣኽዎ ይብል።" ስለዚ ዝወደቐ (ዝተደረበየ) መልኣኽ እዩ። ነዚ ከኣ ጥርጥር ኣየድልዮን እዩ። ሓደ ግን ክንዝንግዖ ወይ ክንስሕቶ ዘይብልና ነገር ኣሎ። መድሓኒና ጐይታ የሱስ ካብ ብዙሓት ሰባት



መናፍስቲ ኣውጺኡ እዩ። መናፍስቲ ኣብ ሰብ ይኣትውን ይሰፍሩን ነበሩ። ጐይታ ከኣ የውጽኦም ነበረ ንምንታይ ብዘይ ግዚኡ ከተጥፍኣና መጺእካ እናበሉ፡ ገና ንጐይታ ክርእይዋ ከለው እናኣእወዩ ይወጹ ነበሩ። ጐይታ እናፈወሰን ኣጋንንቲ እናውጽኤን ይዘውር ነበረ። ጐይታ ዝገበሮ ዘበለ ከኣ ኣብቶም ብእኡ ዝኣምኑ ክዓይ ብግዲ እዩ።

***ጺጋ፦ ኣብዘይማዕበላ ሃገራት ካብ ኣጋንንቲ ዝናገፉ ብዙሓት እዮም። ኣብዘን ምዕቡላት ሃገራት እንብለን ግና ጐሊሑ ዝርኤ ጉዳይ ኣይኮንን፡ ስለምንታይ እዩ ትብል፣***

**ፓስተር ዳዊት፦** *ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ምባይል እምበር ኣጋንንቲ ኣየእውዩን እዮም ዝብል ይሰምዕ ነይረ።* ብሓፈሻ ኣብቲ ኣነ ዘገልግሎ ኣገልግሎታት ኣጋንንቲ ክግለጹን ክወጽን ይርኢ እየ። ክሳዕ ዘለው ክግለጹ ብግዲ እዩ። እንተዘየለው ግን ካበይ ክግለጹ። ኣገልግሎት ፕሮፈሽን ኣይኮነን። *ኣነ ከኣ ኣጋንንቲ ናይ ምውጻእ ፕሮፈሽን የብለይን።* ከምቲ ጽሑፍ ምልላይ መናፍስቲ ዝብሎ፡ ኣነ ውህበት ምልላይ መናፍስቲ እዩ ዘሎኒ። እቲ ዘለልዮ ከኣ መናፍስቲ ኣብ ዘለዎ ቦታ እዩ። ርኹሳት መናፍስቲ እንተዘየለው ግን የለውን ልምምድ ኣሎኒ ኢለ ስቕ ኢለ ውጻእ ኣይብልን እየ። ኣብዚ ዝቐነየ ፕሮግራም ከኣ ብዙሓት ክናገፉ ርእየ እየ። እዚ ናይ ምልላይ መናፈስቲ ጸጋ እዩ። እዚ ጸጋ እዚ እዚ ውህበት እዚ፡ ሎሚ ካብ ቤተክርስትያን ስለ ዝረሓቐ ኣብ ቤተክርሰትያን ብዙሕ ምጭምዳድ፡ ባእሲ፡ ገንዘብ ምፍታው፡ ፍቕሪ ምስኣን፡ ይረኤ ኣሎ። እዚ ኩሉ ውህበት ምልላይ መንፈስ ኣብ ቤተክርስትያን ስለዘየለ እዩ። እዚ ውህበት ከምቲ ኣብ ግብ 16 ዘሎ ታሪኽ ብዛዕባ እታ መንፈስ ጥንቆላ ዝነበራ ሰብ እንተሪእና ባሮት እቲ ልዑል ኣምላኽ እናበለት ክትስዕብ ከላ ጳውሎስ ግን ውህበት ምልላይ መናፍስቲ ስለ ዝነበሮ ብስም የሱስ ክወጽእ ኣዚዝዎ።

እዛ ሰበይቲ ባሮት ልዑል ኣምላኽ እናበለት ክትጽውዕ ከላ ንሕና እንትንኽውን፡ ወይ ኣብዚ ዘመን ዘላ ቤተክርስትያን፡ ወይ ውን ኣገልገልቲ (መራሕቲ) ትድግፈና ኣላ ንኣና እያ ትፈቱ ኢልና ኣምጺእና ሸማግለ ክንገብራ ንኽእል ኢና፡ ወይ ውን ድያቆን ወይ ውን ኳየር ክንገብራ ንኽእል ኢና ። ጳውሎስ ግን ምንም እኳ ባሮት ልዑል ኣምላኽ እናበለት እናኣድነቐት እንተ ጸዋዓቶ፡ በቲ ውህበት ምልላይ መናፍስቲ፡ ብስም የሱስ ኣዚዙ ካብኣ ኣውጽኡ። ርኢኻ እናጠንቆለት ንጐይተታ ረብሓ ተምጽእ ዝነበረት እያ። *ስለዚ ሎሚ እዚ ውህበት ምልላይ መናፍስቲ ንቤተክርስትያ የድልያ ኣሎ። ምእንቲ ቤተክርስትያን ብናጽነት ከተገልግል።*

***ጺጋ፦ ኣጋንንቲ ናይ ዝሞቱ ሰባት መንፈስ ወይ ዝወደቑ መላእኽቲ እዮም ዝብል ኣበሃህላ ኣሎ፡ ሓቅነት ኣለዎዶ፣***

**ፓስተር ዳዊት፦** ነዚ ሕቶ ቅልል ብዝበለ መልክዕ ክምልሶ፡ ንሕና ዝሞቱ ሰባት ይኾኑ፡ መላእኽቲ ዝሞተ ከልቢ፡ ይኹን ዝሞተ ድሙ፡ ንዓና ኣየእትወናን እዩ። ንዓና ኣድላይ ኣይኮነን። መናፍስቲ ብዝተፈላለየ መልክዕ ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም። ብዝተረፈ ግና መላእኽቲ እዮም እንተ ኢልና። ስለምንታይ ሎሚ ገብርኤል ኣባና ኣትዩ ዘይሰርሕ፤ ወይስ ስለምንታይ ብዓል ሚኪኤል ኣባና ዘይዓዩ ክንብል ኢና። እዚ ኣይኮነን እቲ ቁምነገር ከምቲ ጐይታ ዝገበሮ ዐባስ መንፈስ ኢሉ ፈልዩ ዝገሰጾ ንሕናውን ከምኡ ፈሊና ኣለሊና ነቲ መንፈስ ክንወቕዖ ኣለና። ጐይታ ሌጌዎን ከውጽእ ከሎ ኣለልዩ ፈልዩ እዩ ኣውጺኡ። ሎሚ ኣብ ምድርና ዝሰርሕ ዓባስ መንፈስ ከይከውን ይኽእል እዩ፡ ነገር ግን ኣለሊና ብስሙ ጸውዒና ነውጽኦ። ስለዚ ዝወደቁ መልኣኽቲ፡ ዝሞተ ሰብ ኢልና ሰንጠረዥ እነሰርሓሉ ካላኩሌሽን ኣይኮነን። ናይ መንፈስ ስራሕ እዩ። ንናይ መንፈስ ስራሕ ከኣ ኣነን ንስኻን ሎሚ ሕሳብ ኣይንሰርሓሉን ኢና መንፈስ ስለዝኾነ።

***ጺጋ፦ ሓደ ሰብ ኣጋንንቲ ኣለዎዶ የብሉን ብኸመይ ትፈልጦ ገለ ምልክታት ኣለዎዶ፣***

**ፓስተር ዳዊት**፦ ገለ ገለ ሰባት ኣብ ዓይኑ ከምዚ ርኤ፡ ኣብ እዝኑ ከምዚ ርኤ ይብሉ። ኣነ ግና ዋላ ሓደ ነገር ኣይብልን እየ፡ ምክንያቱ እዚ ኣገልግሎት ካብ ዘገልግል 14 ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ንሰብ ርኤ ኣይኮንኩን ኣጋንንቲ ዘውጽእ። ጐይታ ዝበለኒ እየ ዝገብር። ኣብ ኣፍንጭኡ ኣብ ዓይኑ ይጨኑ፡ ኣጋንንቲ ኣለዎ፡ ይበሃል እዩ፡ ኣነ ግና ክሳዕ ሕጂ ኣይርኣኹን። ግን ሓደ ነገር ይኣምን፡ ውህበት ምልላይ መናፍስቲ ዘለዎ ፓስተር ዳዊት ጥራይ ኣይኮነን ብዙሓት ቅቡኣት ናይ እግዚኣብሄር ኣለው፡ ንሶም ከኣ ናቶም ልምምድ ኣለዎም፡ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ከመይ ገይሩ ከምዝገልጸሎም ክፈልጥ ኣይክእልን እየ። ኣነ ግን ጐይታ ከምዚ ዓይነት መንፈስ ኣሎ እንተ ኢሉኒ ንዕኡ ይዛረብ። ኣጋንንቲ ዘለዎ ሰብ ከምዚ ዓይነት እዩ ኢልካ ክትፈልዩ ኣሸጋሪ እዩ። ሰብ ብምንታይ ትፈልዮ፡ ኣለባብሳና ሓደ መልክዕና ሓደ እዩ። ከተለሊ ግና ትኽእል ኢኻ። *ንቤተክርስትያን ኣብ ዝኾነ ግዜ ዘድልያ ነገር እንተሃልዩ እዚ ናይ ውህበት ምልላይ መናፈስቲ ጸጋ እዩ።*

ናብ ገጽ 17 ይቕጽል ..........





# ኣ ም ል ኾ

.......... ካብ ገጽ 6 ዝቐጸለ

**(8) "ንጉስ ንውብነትኪ ይብህጎ ንሱ ጐይታኺ እዩ እሞ ሰገድሉ መዝ.45፡11**

"ንጉስ ንጽበቔኺ ይብህጎ ጐይትኺ እዩ'ሞ ኣምልኽዮ (ስገድሉ) ።"

ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ ክልተ ዓበይቲ ሓሳባት ኣሎ ንሱድማ እታ ***ቀዳመይቲ*** ሓሳብት እታ ጓል ንጉስ ዝነበራ ኣዝዩ ዘብህግ ጽባቐ ክኸውን ከሎ እቲ ***ካልኣይ*** ድማ እታ ጓል ንጉስ በቲ ዘብህግ ጽባቔኣ ኣብ ብዙሕ ክፍልታት መጽሐፍ ቅዱስና ኣምልኾን ቅድስናን ተኣሳሲሩ (ተተሓሒዞ ተቐሚጡ ኣሎ) ገለ ገለ ካብኡ ምስ እንምልከት፦

-ንእግዚኣብሄር ብቅዱስ ኣልባሳት ስገድሉ **1ዜና 16፡29**

-ንእግዚኣብሄር ዚዝምሩ ቅዱሳት ኣልባስ ለቢሶም ድማ ቀቕድሚ ሰራዊት ወጹ። **2ዜና 20፡21**

***መዝ*** **99፡9** "እግዚኣብሄር ኣምላኽና ቅዱስ እዩ እሞ፡ ኣብ ቅዱስ ከረንውን ስገዱ ይብል።"

በታ ሰራዊትካ እተኽትተላ መዓልቲ ህዝብኻ ፈትዩ ይመጽእ ከምቲ ካብ ከርሲ

# ጽባቀ ቤተክርስትያን ቅድስና ቤተክርስትያን እዩ።

ንጐይታኣ ክተምልኽ ከም ዘለዋን እዩ ቃል ኣምላኽ ዝዛረብ። "ሕጽር ብዝበለ ቃላት ጽባቔ ጓል ንጉስን ኣምልኾን እዩ ዝገልጽ።

ብዛዕባ ጽባቔ ቤተክርስትያን ኣብ መሃሌ መሃሌ ጥራይ 11 ጊዜ ተጠቒሱ ኣሎ ገለ ካብኡ ንምጥቓስ

-ኣቲ ካብ ኣንስቲ እትጽብቒ

-ኣቲ ፍትውተየ ጽብቕቲ ኢኺ

-ኣቲ ሐለፋ ኩሉን ኣንስቲ እትጽብቒ

-ከም ወርሒ ጽብቕቲ

ኣብ መወዳእታ እቲ ፈታዊኣ ከምዚ ኢሉ ይዛረባ። ጽብቕተየ ንዒ ድምጺኺ ጥዑም ገጽኪውን ጽብቕ እዩ እሞ ገጽኪ ኣርእይኒ ድምጽኺውን ኣስምዕኒ ይብል።

እዚ ፈታዊኣ ብመጀመርታ በቲ ጽባቔኣ ከምዝተመሰጠ ብድሕሪኡ ግና ንድምጻ ክሰምዕ ንገጻውን ክርእይ ከም ዝበሃገ ኢና እንምልከት። ካብዚ እንመሃሮ እንታይ እዩ እንተበልና

**ጽባቀ ቤተክርስትያን ቅድስና ቤተክርስትያን እዩ።* ኣምላኽ ዝብህጎ ኣምላኾ ካብ ቅድስና ዝምንጬ ኣምልኾ እዩ። ኣብ ኣምልኾ እቲ ዝዓበየ ክንሐስቦ ዝግብኣና ቅድስና ኣምላኽን ቅድስና ማሕበሩን እዩ።

*ምኽንያቱ እቶም ኣብ ትንቢት ኢሰያስ ዘሎው ቅዱሳት ሱራፌሌላት ኣብ ቅድስና ኮይኖም ቅድስና ኣምላኽ እናኣወጁ ከምልኹ ኢና እንምልከት። **ኢሰ 6፡1-5 ራኢ 4፡8**

ወጋሕታ ዚመጽእ ኣውሊ ከምኡ መንእሰይካ ብልብሲ ቅድስና ይመጽኻ። ***መዝ*** **110፡3**

***ሉቃ*** **1፡74-75** ብቅድስናን ብጽድቅን ብኹሉ ዕለትና ኣብ ቅድሚኡ ካብ ኢድ ጸላእትና ድሒንና ብዘይ ፍርሃት ከነምልኽ ኢና።

ኣብዘን ጥቅስታት ካህን ዘካርያስ ዝዛረቦ ዘሎ ክልተ ዓበይቲ ነገራት እዩ።

እቲ ቀዳማይ ክርስቶስ ካብ ምግላጹ እተላዕለ ጽድቅን ቅድስናን ከም ዘምጽእ ሰባት ድማ በቲ ብክርስቶስ ዝርከብ ጽድቅን ቅድስናን ጥራይ ከም ዘምልኹ ክኸውን ከሎ። እቲ ካልኣይ መንፈሳዊ ሓሳብ ድማ "ብዘይ ፍርሃት "ዝብል ድማ ካብ ከም ክርስቶስ ዝርከብ ፍሉይ ትብዓት ስለ ዘሎ፡ ፍርሃት ቦታ ከም ዘይብላ እዩ ዝገልጽ።

ቃል ኣምላኽ ኣብ **ኢዩ 5፡25-27** ከም ዝገልጾ ድማ ቤተክርስትያን እቲ ፍጹም ዝኾነ፡ ኣበርን ርኽሰትን ዘይብሉ ምሉእ ቅድስና ሒዛ እትመላለስ ካብ መስዋእቲ የሱስ ዝተላዕለ ናይ ደሙ ዋጋ ጥራይ ከም ዝኾነ ቃል ኣምላኽ ይዛረብ። "ክርስቶስ ንማሕበሩ ከምዘፍቅራ" ክርስቶስ ብቓሉ ገይሩ ብምሕጻብ ማይ ምስ ኣጽረያ ምእንቲ ክቐድሳ ርስሓት ወይስ ዕጣር ወይስ ገለ ነዚ ዝመስል ዜብላ ብዘይ መንቅብን ቅድስትን ክብርትን ማሕበሩ ንእኡ ምእንቲ ከቁማ ኢሉ ርእሱ በጅኣ ሀበ። **ኤፌ 4፡24** "ብሐቅን ጽድቅን ቅድስናን ብምልክዕ ኣምላኽ ዝተፈጥረ ሐድሽ ሰብ ልበሱ"። ክርስቶስ ዝሞተ ደሙ ዘፍሰሰ ቤተክርስትያን ንኣምላኽ ብፍጹም ቅድስና መታን ከተምልኾ እዩ።

*መልእኽቲ እብራውያን እንተተመልከትና ብክርስቶስ ብዝረኸብናዮ ቅድስናን ጽድቅን ከመይ ጌይርና ንእግዚኣብሔር ምምላኽ ከም እንኽእል ብዕሙቀት ይዛረበና።*

**<u>ኣምልኾ ኣብ ብሉይ ኪዳን</u>**

- ሊቀ ካህን ድኻም ዘሎዋ ኣብ ዓመት ሓንሳብ
- ኣብ ዝርኤ ምድራዊ መቅደስ
- ደም ድቤላታትን ኣራውሕን
- ንምጽራይ ስጋ
- ፍጹም ክገብር ዘይከኣሎ መባእ መስዋእቲ የቕርቡ ኣለዉ **እብ.10፡1-4**
- ፍጹም ክገብሮም ኣይከኣሎን
- ኣብ ሕልንኦም ሓጢኣት እንተ ዘይህልዋም፡ ካብ ምስዋእ ምዓረፉ ነይሮም
- ደም ኣብዑርን ድቤላታትን ሓጢኣት ከርሕቕ ኣይተካእሎን'ዩ።

**<u>ናይ ሐድሽ ኪዳን ኣምልኾ</u>**

- ፍጹም ዝኾነ ዘልኣለማዊ ሊቀ ካህን
- ኣብ ሰማያዊት መቕደስ ዝኣተወ
- ደም ክርስቶስ የሱስ
- ካብ ኩሉ ምውት ግብሪ ንኹሉ ሕልናና ዘንጽህ
- በቲ ሓንሳእን ንሓዋሩን እተስውኤ መስዋእቲ የሱስ ክርስቶስ ተቐዲስና ኣሎና
- ክርስቶስ ግና ነቶም ዝቐደሱ ብሓንቲ መስዋእቲ ንሓዋሩ ፈጸሞም
- ብስጋኡ ዝቐደሰና ሓድሽን ህያውን መንገዲ
- ብደም ክርስቶስ ናብ መቕደስ ንምእታው ትብዓት ካብ ዝህልወና
- ልብና ካብ ክፉእ ሕሊና ተነጺጉ ስጋናውን ብጽሩይ ማይ ተሓጺቡ ምሉእ ብዝተረዳእናያ እምነት ንቅረብ።

**ይቕጽል**

**4 ይን ናይ መወዳእታን ክፋል ኣብ ዝቕጽል ሕታምና ተከታተሉ።**

# ቃለ-መሕትት

ዕብየት

ኣብ ከተማ ዊኒፔግ ካብ ዕለት 30 ሓምለ ክሳብ ዕለት 01 ነሓሰ ብሕብረት ኣብያተ-ክርስትያናት ማኒቶባ፡ ካናዳ ንሰለስተ መዓልቲ ዝጸንሔ ዓቢ መንፈሳዊ ምንቕቃሕ ተካይዱ ነይሩ፡ በዚ ኣጋጣሚ መጽሔት ጸጋ ምስ ፓስተር ዳዊት ሞላልኝ ዘካየደቶ ቓለ መሕትት ሒዛ ቀሪባ ኣላ።

***ጸጋ፦ ርእርስኻ ዶ ምስ ኣመንቲ ክተላልየና፧***

**ፓስተር ዳዊት ፦** ስመይ ፓስተር ዳዊት ሞላልኝ ይብሃል ዝቕመጠሉ ቦታ ኢትዮጵያ። ኣስቴር ኣረጋው ትብሃል ፍትውቲ ሰበይቲ ኣላትኒ። ከምኡውን ነብይ ዳዊትን ሌዊ ዳዊትን ዝብሃሉ ደቂ ኣለውኒ። ወዲ ዓሰርተ ዐመትን ወዲ ሽድሽተ ዓመትን እዮም። ዘገልግለሉ ኣብ (FBI church) Faith bible international church ዋና ጓሳ (መጋቢ) ኮይነ እየ ዘገልግል። ቤተክርስትያንና 39 ዝኾና ንኡሳን ቤተክርስትያን ካብ ኣዲስ ኣበባ ወጻኢ ኣለዋና። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከኣ 6 ንኡሳን ቤተክርስትያን ኣለዋና። ብጣዕሚ ብፍቕርን ብምቅብባልን እንገልግል ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጥራይ 11 ፓስተራት ኣሎና። ከምኡውን ናብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለም እንዳኸድኩ የገልግል።

***ጸጋ፦ ኣገልግሎትካ ኣብ ምንታይ ዘተኮረ እዩ? ምዓስን ኣበይን እግዚኣብሄር ናብዚ ኣገልግሎት ጸዊዑካ፧***

**ፓስተር ዳዊት**፦ ከም ትፈልጦ ነዚ ሕቶ ሰፊሕ መብርሂ ዘድልዮ እዩ እኹል እንዘራረበሉ ጊዜ የብልናን ግን ቅልጥፍ ኢለ ክምልስ ክፍትን ኣንበብቲውን ክርድእዎ ምእንቲ። ኣነ ኣገልግሎት ዝጀመርኩሉ ንጐይታ ምስ ተቐበልኩ ሽዑ ኣከባቢ እየ ጀመረ፡ ብርግጽ ንጐይታ ምፍላጥን ምስማዕን ዝጀመርኩ፡ ኣደይ ካብ ትሰርሓሉ ናይ ስራሕ ቦታ ካሴት እንዳኣምጽኣት ንሰምዕ ኔርና። ሽዑ ግን ኣደይ ኣማኒት ኣይነበረትን ኣቦይን የሕዋተይን ንስምዕ ኔርና። ኣነ ግን ካብ 1982 ዓ.ም ብኢትዮጵያ ካላንደር ናይ ጐይታ ነገር ይርዳኒ ኔሩ ይፈልጥ ኔረ እንተኾነ ግን ብጐይታ ኣይነበርኩን። ብ1985 ከባቢ እየ ንጐይታ ተቐቢለዮ። ካብኡ 1986-1987 ንጐይታ እንዳ ፈለጥኹዎ እንዳተረዳእኹዎ ከድኹ። ኣብ ከባቢ 1988 ናብ ኣገልግሎት ኣትየ። ቅድሚ 14 ዓመት ማለት'ዩ። ናብዚ ኣገልግሎት ዝኣተኹ ጐይታ ተዛሪቡኒ ዘይኮነስ ንጐይታ ፈትየዮ እየ ኣትየ። ስለዚ ኣገልግሎት ዝጀመርኩሉ በዚ መልክዕ ኰይኑ ኣብ ኩሉ ጐደናታት እዩ። እዚ ማለት ኣብ ኩሉ ናይ ኣውቶቡስ ፌርማታ (መጸበይ ኣውቶቡስ) መጸበይ ታክስታትን ኣትየ የሱስ የድሕን እዩ ምድሓን ብኻልእ የለን ብእኡ



> ***ምሉእ ጊዜ ንጐይታ ክህብ ከለኹ ቤተክርስትያን ከይደ ተቐበሉኒ ወይ ፍለጡኒ ኢለ ኣይኮንኩን ከምኡ ከምዝብሃል'ውን ኣይፈልጥን እየ ኔረ። ምሉእ ጊዜ ምሃበይ ንዓይ ምሉእ ጊዜ ምስባኸይ እዩ ነይሩ።***

ክንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዝተዋህበ ንሱ ጥራይ እዩ፡ ካብ ዝመጽእ ቁጥዓን ካብ ገሃንምን ንጐይታ መድሓኒ ጌርኩም ብምቅባል ከተምልጡ ይግባእ እዩ። መንግስተ ሰማይ ቀሪባያ እያ እሞ ተነስሑ እናብልኩ ብቅንዕና የገልግል ኔረ። ጐይታ ጽውዓን ኣገልግሎትን ከም ዘሎኒ ብነብያቱ ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜ ኣርጊጹ ተዛሪቡኒ እዩ። ኣነውን መካኒክ እየ ኔይረ ናይ ስራሕ ሰብ እየ። ስቕ ኢለ ስራሕ ዝፈትሕ ኣይኮንኩን ሕጂውን ስራሕ ይፈቱ እየ፡ ነዚ ዝፈትዎ ስርሐይ ደው ብምባል፡ ንጐይታ ምሉእ ጊዜይ ሂበዮ። ***ምሉእ ጊዜ ንጐይታ ክህብ ከለኹ ቤተክርስትያን ከይደ ተቐበሉኒ ወይ ፍለጡኒ ኢለ ኣይኮንኩን ከምኡ ከምዝብሃል'ውን ኣይፈልጥን እየ ኔረ። ምሉእ ጊዜ ምሃበይ ንዓይ ምሉእ ጊዜ ምስባኸይ እዩ ነይሩ።*** ምሉእጊዜ ምግልጋለይ እዩ ዝሐስብ ኔይረ እምበር ቤተክርስትያን ከምትህብ ኣይፈልጥን እየ ኔረ። ብኸምዚ ዓይነት ኩነታት ኣብዚ ሕጂ ዘለኹዎ ፈረጃ በጺሔ ኣለኹ ጐይታ ይመስገን።

***ጸጋ፦ ሕራይ ካልእ ፍልይ ዝበለ ሕቶ ክሓተካ፦ ናይ ሐንቲ ቤተክርስትያን መምዘኒ እንታይ እዩ ትብል፧***

**ፓስተር ዳዊት**፦ ቤተክርስትያን በዚ መዳይ ብመንፈሳዊ ምንቕቓሕ ወይ ብብዝሒ ህዝቢ ወይ ብትሕዝቶ (material) እትምዘን ኣይኮነትን። ናይ ሐንቲ ቤተክርስትያን ዕቤት ዝብሃል *ናብ ምምሳል ክርስቶስ ወይ ናብ ምልኣት ክርስቶስ ክትጽጋዕ ከላ'ዩ።* ቤተክርስትያን ፍታሕ ከተምጽእ እንኮላ እዩ። ንኹሉ ዘማልኤ ብኣእምራውን ብመንፈሳውን ኣካላዉን ንኹሉ ኣማሊኣ፡ ኣብዚ ምድሪ ፍትሒ ንህብ ኢና ንዝብሉ ኩሎም መፍትሕ ኮይና ክትግለጽ ከላ እዩ፡ ኣብ ቤተክርስትያን ዕቤት ኣሎ ኢልካ ክጥቀስ ዝከኣል ኢለ ይኣምን። እዚ ከተማልእ ከላ እዩ ቤተክርስትያን ዓብያ ክብሃል ዝከኣል። ስለዚ እዩ መጽሓፍ ቅድስ ክዛረብ ከሎ ኣብ ኤፌ.4፡11 ንቤተክርስትያን ውህበት ሃበ ዝብል። ናይ እግዚኣብሄር ውህበት ኣብ ቤተክርስትያን ስለ ዘሎ፡ ናይ ኩሉ መፍትሒ ድማ ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር ስለዘሎ። በዚ ጸጋ ቤተክርስትያን ተገሊጻ መፍትሕ ክትከውን ከላ'ዩ። ኣብ ዘመን ሃዋርያት ዝነበረት ቤተክርስትያን ንሱ መለክዒ ዕቤት ናይ ቤተክርስትያን እዩ። ወጺኦም ይሰብኩ ኔሮም፡ ብዙሓት ሐድሽቲ ነፍሳት ከኣ ይውሰኹ ኔሮም። መንግስቲ ክርስቶስ ብምምራኽ ዝተሳኸዐላ እያ ኔራ፡ ብገንዘብ'ውን እንተኾነ ኣብ ማእከሎም ሓድኳ ሽጉር ኣየነበሮምን ይብለና። ብፍቕሪውን ብሐደ ልቢ ይበልዑን ይቐርሱን ኔሮም ይብል። *ስለዚ ቤተክርስትያን ጥዑም መዝሙር ስለዝተዘመረ ጥራይ ዕቤት ኣሎ ኣይበሃልን እዩ።* ጥዑም መዝሙር ተዘሚሩ ጥዑይ ፍቕሪ እንተዘየለ ተበላሽዩ ማለት'ዩ። ብገንዘብ ዝዓበየት ቤተክርስትያን'ውን እንተኾነት፡ ገንዘብ ሃልዩ ፍቕሪ እንተዘየለ ከምኡ እዩ። ዕቤት ኢለ ዝኣምኖ ብዘመን ሃዋርያት ኣብ ማእከሎም ሽጉር ኣይነበረን፡ ብሓደ ልቢ ይበልዑ ኔሮም፡ ብሓድነት ይጽልዩ ኔሮም። ጴጥሮስ ክዛረብ ከሎ እቶም ዓሰርተው ሐደ ብድሕሪኡ ደው ኢሎም ኖሮም ይብል። ሪኢኻ እቲ ሐደ ከገልግል ከሎ እቶም ዓሰርተ ሐደ ደው ዝበልሉ ኣገልጋሊ ምስ ኣገልጋሊ ዘለዋ ፍቕሪ ተመልከት ጌጋ እንተሎ ዝመሃሃርሉ እዩም ቤተክርስትያን ኣብ ኣገልገልታን ምእመናን ብኸምዚ ዓይነት መንገዲ ክትዓቢ ከላ ዓቢያ ትብሃል ኢለ ይኣምን።

ናብ ገጽ 9 ይቕጽል ..........





## ዘምሩሉ ኣመስግንዎ .....

........... ካብ ገጽ 12 ዝቐጸለ

ንኣምላኽ ድማ "ጐይታ ፍቓድካ እንተድኣ ኮይኑስ ብዘይ እዚ መድሃኒት እዚ ውላድ ክትህበኒ ትኽእል ኢኻ" ኢለ። ብድሕሪኡ ነቲ መድሃኒት ኣይወሰድክዎን። ኣነን በዓል ቤተይን ከምኡውን ብዙሓት ክርስትያናት ኣሕዋትን ኣሓትን ጐይታ ተኣምር ክገብር ኣዚና ንጽሊ ነበርና።

ሳልሳይን ራብዓይን ዓመት ከኣ ሓለፈ። ሓደ ነገር ድማ ኣይኮነን። ሰባት ድማ "ውላድ'ዶ ኣለኹም" ኢሎም ይሓቱና። ንሕና ድማ "የብልናን" ንብሎም። ሓደ ሓደ ሰባት ይድንግጹልና። ሓደ ሓደ ድማ "ስለምንታይ ኣምላኽ ምሕረት ዘይገበረልኹም" ይብሉና ነበሩ። እዚ ዘረባ እዚ ንዓይ ኣዝዩ የሕዝነኒ ነበረ። ኣብ ወርሒ ሰነ 1988 ወንጌላዊ ቦንኬ ካብ ጀርመን ንኬንያ መጺኡ ሐደ ዓቢ ኣኼባ ንሐደ ሰሙን ኣካየደ። ጐይታ ብዙሕ ተኣምራት ይገብር ነበረ ብዙሓትውን ይድሕኑን ይፍወሱን ነበሩ። ኣብ ሞንጎ እቲ ሰሙን ግና ሰብ ሓዳር ንዝኾና ግናኸ ውላድ ዘይብለን ንኽጽለየለን ጐይታ ንቦንኬ የተሓሳሰቦ እሞ ጻውዒት ይገብር። ንጽባሒቱ ውላድ ዘይብለን ኣንስቲ ንኽጽልየለን ይመጻ። ሓንቲ ካብኣተን ኣነ ነበርኹ ጸለየልና። ኣብ መወዳእታ "ኣትን ኣሕዋት ጽባሕ ናብ ድኳን ኪዳ እሞ ዳይፐር ብእምነት ግዝኣ፡ ንዓመታ ኣብዚ ጊዜ እዚ ክትወልዳ ወይ ድማ ክትጠንሳ ኢኽን" በለና። ኣነ ድማ ንጽባሒቱ ብእምነት ዳይፐር ገዛእኩ።

እቲ ዳይፐር ክሳብ ሕጂ ምሳይ ኣሎ። ኣብ ወርሒ መስከረም 1988 ንትምህርቲ ንኣመሪካ ክንከይድ ቪዛ ረኺብና። መስከረም 6/1988 ካብ ናይሮቢ ንኣመሪካ ነቐልና። ኣብ መንገድና ኣብ ጀርመን ዘላ ሓፍተይ ከምኡውን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዘሎ ሓወይ በጻሕናዮም። ኣብ ኣመሪካ መስከረም 13/1988 በጻሕና።

ወርሒ መስከረም ኣዝዩ ሃልኺ ዝነበሮ ጊዜ እዩ ነይሩ። ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ እሓምም ነበርኩ። የምልሰኒ ርእሰይ የሕመኒ ከምኡውን ረስኒ ይገብረለይ ነይሩ። ንዶክተረይ ስልኪ ደወልኩ'ሞ ኩሉ እቲ ዘሕምመኒ ነገርክዎ። እቲ ዶክተር ድማ ምናልባት ድቂ ሒዝኪ ከይትኾኒ ይብለኒ። ኣነ ድማ ኣይመስለንን ምናልባት ፍሉይ እዩ ዝኸውን እሞ፡ መድሃኒት ኣዝዘለይ በልክዎ። ንሱ ድማ ኣይፋል መጀመርያ መርመራ ናይ ሽንቲ ግበሪ ብድሕሪኡ ኸኣ እቲ ዝግበር ንገብር በለኒ።

ድሕሪ ሰለስት መዓልቲ ነታ ናይቲ ዶክተር ጸሓፊት እድውለላ'ሞ ናይቲ መርመራ መልሲ እንታይ እዩ፧ እብላ። ንሳ ድማ እቲ መልሲ ፓዚቲቭ እዩ ትብለኒ። ብኣድናቖት እንታይ በልክዋ ንሳ ድማ ጥንስቲ ኢኺ ትብለኒ እሞ ይድንጽወኒ ሕልሚ ኮይኑ ተሰምዓኒ።

ምኽንያቱ ኸኣ ኣብ ዘይተጸበኽዎ ጊዜ ስለ ዝኾነ። ጽንሕ ኢለ ብሓጐስ ፍንጭሕ በልኩ። ንኣምላኽ ኣዝየ ኣመስገንክዎ። ከምኡውን እቲ ቃል ኣምላኽ ሓቂ ምዃኑ ኣስተንተንኩ *"ኩሉ ከም እትኽእልን ነቲ ዝመደብካዮ ኸኣ ዚኽልክለካ ኸም ዘየልቦን እፈልጥ ኣለኹ" እዮ.42፡1።* ብዙሕ ግዜ ንኻልኣት ብዙሕ ተኣምራት ከም ዝተገብረሎም እሰምዕ ነይረ፡ ሕጂ ግን ንዓይ ኮይኑለይ *"ብሰማዒት እዝኒ ብዛዕብኻ ሰሚዔ ነይረ ሕጂ ግን ዓይነይ ርእያትካ" እዮብ 42፡5።* ድሕሪ መርዓይ ትሽዓተ ዓመትን ፈረቓን ጸኒሑ ብዕለት ክልተ ሰነ 1989 ኣምላኽ ውቅብቲ ዝኾነት ቆልዓ ሃበና። ህያብኤል ኢልና ድማ ሰመናያ።

ንኣምላኽ የመስግኖን የዕብዮን ኣለኹ ትጽቢት ቀሊል ኣይኮነን ጐይታ ግና ጸጋኡ ይህብ እቲ ድልየት ናይ ልቢ ምስ ተረኸበ እቲ ዘሕለፍካዮ ሽግርን ፍርሕን ይርሳዕ። *"ነዊሕ ትጽቢት ንልቢ የማህምኖ እተፈጸመ ድልየት ግን ኦም ሂወት እዩ" ምሳሌ 13፡12።*

ህያብኤል ጓልና ሕጂ ጓል ዓሰርተ ትሽዓተ ዓመት ኮይና ኣብ ኣመሪካ ኣብ ሓንቲ ካብተን ዝለዓላን ፉሉጣትን ዝበሃላ ዩኒቨርስቲ ማለት ምሉእ እስኮላርሽፕ ረኺባ ትመሃር ኣላ። ንኣምላኽ ብዘለዋ ፍቕርን ብጠባያ ብትምህርታ ንፍዕቲ ብምዃና እትንኣድን ንብዙሓት ኣብነትን ስለ ዝኾነት ብሓፈሻ ህይወታ ስለ ዘሐጉሰናን ዘቅሰነናን ስብሓት ንኣምላኽ ይኹኖ።

ሓፍትና ስለቲ ዝሃበትና ምስክርነት እግዚኣብሄር ይኽበር እግዚኣብሄር ስለ ዝተጠቐመሉ ባርያኡውን እግዚኣብሄር ይባረኽ። ብዙሓት በዚ ምስክርነት ከምትህነጹ ንኣምን። ምናልባት ብተመሳሳሊ መገዲ ሰብ ሓዳር ኮይንኩም ውላድ ዘይብልኩም ኣሕዋት ብጸሎት ገጽ ኣምላኽ ብምድላይ ብእምነት ጠጠው በሉ። ኣምላኽ ብግዚኡ ክበጽሓና እዩ። ብጸሎት ዝተወልዱ ሰባት ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣስፊሖምን ዓቢ ለውጢ ኣብ ምድሪ ክፍጠር ኣምላኽ ከም ዝተጠቐመሎም ቅዱሳት ጽሑፋት ይምስክሩ እዮም። ስለዚ ህያብኤል፡ ንሓፍትና ለቲናን ንሓውና ዶክተር ተወልደን ጥራይ ዘይኮነትሲ ንህዝባን ንመንግስቲ ኣምላኽውን ህያብኤል ከምዝኾነት ንኣምን።

ብክፍሎም ገ.የሱስ

# ዓምዲ ምስክርነት

## "ዘምሩሉ ኣመስግንዎ ብዛዕባ ኩሉ ተኣምራቱ ተዛረቡ"

## መዝ 105፡2

ስመይ ለተብርሃን ገብረጊዮርጊስ እበሃል። ምስ በዓል ቤተይ ዶክተር ተወልደመድህን ሃብቱ ጥሪ 19 1980 ተመርዒና። ብዓል ቤተይ ክሳብ 1984 ንኬንያ ዝመጻእናሉ እዋን ኣብ እምነት ሚስዮን ቤተ ክርስትያን ጓሳ ፓስተር ኮይኑ የገልግል ነበረ። ኣነ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ይምሃር ነይረ። ኣብዚ ጊዜ እዚ ዶክተር ተወልደብርሃን ሃብቱ ኣብ Nairobi Evangelical Graduate School of Theology (NEGST) ከም ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰር (Associate Professor) ኮይኑ ይምህር ነበረ።

ቅድሚ ንክርስቶስ ምቕባለይ ንሃይማኖት ኦርቶዶክስ ኣጸቢቐ እየ ሒዘዮ ነይረ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ክመሃር ከለኹ፡ ካብ ናይ እግዚኣብሄር ብዝሒ ምሕረቱን ጸጋኡን ዝተላዕለ ንጐይታ ከም ናይ ብሕተ መድሓንየይ ገይረ ተቐበልክዎ። ልበይ ድማ ሰላምን ሓጐስን ፍቕርን መልኣ። ካብታ ግዜ እቲኣ ጀሚረ ክሳዕ ሎሚ ንክርስቶስ ብምስዓበይ ፈጺመ ተጣዒሰ ኣይፈልጥን። ምኽንያቱ ንሱ ህይወት ምስ ትርፋ ስለዝሃበኒ። ኣብ ጥሪ 1984 ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኮንፈረንስ ኣብ ደብረ ዘይት ነበረ። ኣነ ድማ ሓንቲ ካብተን ተኻፈልቲ ነይረ። ወርቂ እትበሃል ኣገልጋሊት ናይ ትንቢት ውህበት ዝነበራ፡ ንመጀመርያ ጊዜ ኣብቲ ኮንፈረንስ ረኺብኩዋ። ድሕሪ እቲ ኮንፈረንስ ወርቂ ንበሺ እትበሃል መሓዛይ ኣነን ተወልደን ንወጻኢ ሃገር ከም እንኸይድ ኣብኡ ድማ ጐይታ ውላድ ከምዝህበና ነገረታ። በሺ ንገዛና መጺኣ ብዛዕባ እቲ ዝነገረታ ኣካፈለትና። ኣብ ልብና ድማ ሓዝናዮ።

ንነዊሕ ግዜ በዓል ቤተይ ትምህርቲ ስነ መለኮት (Theology) ክምሃር ንጽሊ ኔርና። ምኽንያቱ ን14 ዓመት ዝኣክል ትምህርቲ ስነ መለኮት ክይተማህረ እዩ ከም ጓሳ ማሕበር ኮይኑ ዘገልግል ነይሩ። ኣብ NEGST ክምሃር እዋኑ ምስ በጽሐ ብ1984 ጐይታ ማዕጾ ከፊትሉ። ኣብቲ ጊዜ እቲ ማለት (ብጊዜ ደርጊ) ፓስፖርትን ቪዛን ክትረኽብ እሞ ኸኣ ንትምህርቲ ስነ መለኮት ቀሊል ኣይነበረን። ተወልደ ግና ብቐሊሉ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ፓስፖርትን ቪዛን ረኸበ። ኣነ ግና ኣብ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ እሰርሕ ስለ ዝነበርኩ ብእዋኑ ፓስፖርትን ቪዛን ክረክብ ኣይክኣልኩን። "እታ ፍቓድ ኣይንህበክን ኢና" ትብል ደብዳቤ ምስ ረኸብኩ ኣዚየ ሓዚንኩን ተረቢሸኩን። እንተኾነ ግና ኣብዚ ጊዜ እዚ ጐይታ ሓንቲ ጥቕሲ ኣብ ኣእምሮይ ኣምጽኣ። *"ልቢ ንጉስ ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር ከም ወሓዚ ማይ እዩ፡ ንሱ ናብ ዝደለዮ ይመልሶ"*(ምሳ.21፡1) እዚ ጥቕሲ እዚ ድማ ኣዝዩ ኣጸናንዓኒ። ብልበይ ድማ "እወ ጐይታ ንሓሳብ ደቂ ሰብ ክትልውጥ ትኽእል ኢኻ" በልኩ። እቲ ዘጉሃየንን ዘጨነቐንን ኩሉ ካብ ሓሳበይ ተቐንጠጠ። ኣብ ክንድኡ ከኣ ልበይ ብሓጐስ መልአ። ገዛ ምስ በጻሕኩ በዓል በተይን ኣዕሩኽትናን "ኢሂ ከመይ ኮይኑ፧" በሉኒ። "ኣይንፈቕደልክን ኢና ኢሎምኒ እንተኾነ ግና ቪዛይ ክረክብ እየ ምኽንያቱ ከኣ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ" በልክዎም። ምኽንያቱ ኣብ መገደይ ክመጽእ ከለኹ እግዚኣብሔር ምሳሌ 21፡1 ሂብኒ ስለዝነበረ እዩ። ንጽባሒቱ ንላዕለዋይ በዓል መዚ ኣመልከትኩ ይፈቕዱ እዮም ኢልካ ዘይትጽበዮም ቦታ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ግና ንኣምላኽ ዚሳኣኖ ነገር የልቦን።

ፍቓድ ብዘይ ደመዎዝ ፈቐዱለይ ስለዚ ድማ ንኬንያ ምስ በዓል ቤተይ ክኸይድ ፓስፖርትን ቪዛን ተዋህበኒ። ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን። 30 መስከረም 1984 ንኬንያ ከድና ክልቴና ድማ ኣብኡ ንምሃር ነበርና። በቲ ዓመት እቲ ነብሰ-ጾር ክኸውን ተስፋ እገብር ነይረ። ነገር ግን ኣይኮነን፡ እንደገና ክሓስብ ጀመርኩ። ኣብቲ ጊዜ እቲ ሓንቲ ሓብቲ ኣጆኺ ጐይታ ውላድ ክህበኪ እዩ በለትኒ። በዚ ድማ ተጸናኒዔ። ካልኣይ ዓመት ይሓልፍ። ኣብዚ ጊዜ እዚ ሓደ ሓሳብ ይመጽኒ። ሓወይ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ስለ ዝነበረ ናብኡ ከይደ ዘድሊ መርመራታትን ሕክምናን ክገብር ኣሎኒ በልኩ። በዚ መሰረት ናብ ዓዲ እንግሊዝ ከድኩ። ሓወይ ከኣ ኩሉ እቲ ዘድሊ ወጻኢታት ከፊሉ ናብቲ ዝበለጸ ስፔሻሊስት ዝረኣየሉ መገዲ ኣዳለወ። እቲ ስፔሻሊስት ናትኪ ፒቱታሪ ግላንድ (ኣብ ርእሲ ዝርከብ ጽኪ) ብዙሕ ሆርሞን ስለዝነጽግ ነቲ ዘርኢ ይብትኖ እዩ ይብለኒ። ስለዚ ነዚ ሽግር እዚ መድሃኒት ክእርሞ ዝኽእል ይእዝዘለይ። እቲ መድሃኒት ክወስዶ ከለኹ ኣዝዩ የሕምመኒ ነበረ። ስለዚ እቲ መድሃኒት ምውሳዱ ኣቋረጽክዎ።

ናብ ገጽ 13 ይቕጽል ........





# ቃለ-መሕትት

......... ካብ ገጽ 8 ዝቐጸለ

***ጻጋ፡- ቤተክርስትያን ናይ መን እያ፧***

**ፓስተር ዳዊት**፡- እዚ ሕቶ ብኸልተ ገጹ ይሕተት እዩ፡ *ቀዳማይ* ቤተክርስትያን ናይ መን እያ፧ ዝብል ቅንዑን ትኽክል ዝኾነ ኣብ ልዕሊ ቤተክርስትያን ዝሰልጠኑ ብቕኑዕ ዘይኮነ መንገዲ ዘመሓድሩ ሰባት ከምዘለው ስለ ዝሕሰብ እዩ ሓቂውን እዩ። ካልኣይ ሓደ ሓደ ቤተክርስትያን ናይ እከለ ቤተክርስትያን፡ ናይ እከለ ቤተክርስትያን እንዳተባህለ ይጽዋዕ ስለዝኮነ እዩ። ንኣብነት ኣብቲ ኣነ ዘለኹዎ ኣከባቢ ናይ ፓስተር ዳዊት ቸርች እንዳደበሉ ይዛረቡ እዚ ግን ፓስተር ዳዊት ናተይ ቤተክርስትያን ኢሉ ስለ ዝዛረብ ኣይኮነን። ሰብ ግን ብልምዲ Pastor Dave Church እንዳ በሉ ይጽውዕ። ***ቤተክርስትያን የማን ጻጋም ዘይብሉ ናይ ክርስቶስ እያ።*** መጽሓፍ ቅዱስ "ርእሲ ቤተክርስትያን ክርስቶስ እዩ።" ይብል። ስለዚ ቤተክርስትያን ናይ ክርስቶስ እያ እዚኮ ጥርጥር ዘይብሉ ነገር እዩ። ኣይኮነን ድዩ፧ ቤተክርስትያን ናይ ክርስቶስ እያ። ክርስቶስ እዩ ርእሳ። እቲ ከቡር ናይ እግዚኣብሄር መንፈስ ከኣ እዩ ከም ዝደለዮ ዝመርሓ። ስለዚ ቤተክርስትያን ናይ ክርስቶስ እያ። ነገር ግን ንቤተክርስትያን ከም ናይ ብሕቲ ንብረትን ሃብትን ጌሮም ኣብ ልዕሊ ቤተክርስትያን ዝተፈላለያ ግጉይ ዝኾነ ኣርኣእያ ዘለዎም ሰባት ክህልው ከም ዝኽእሉ ይኣምን እየ። እዚግን ናይ ኣሰራርሓ ሽግር እዩ እምብር፡ ንሶምውን እንተኾኑ ቤተክርስትያን ናተይ እያ ኢሎም ከምዘይሓስቡ ኣዝየ ርግጸኛ እየ። *ቤተክርስትያን ናይ ክርስቶስ እያ።*

***ጻጋ፡- ናይ ሓደ ኣገልጋሊ ኣብ ቤተክርስትያን ስርሑ እንታይ እዩ ትብል፧***

**ፓስተር ዳዊት፡-** well እዚውን ኣቐዲመ ከምዝበልክዎ ጊዜ ወሲድና ብዙሕ እንዛረበሉ ዓቢ ኣርእስቲ እዩ። ናይ ሓደ ኣገልጋሊ ኣብ ቤተክርስትያን ስርሑ ምሉእ ግዚኡ ዝሃበ እንተኾይኑ ምሉእ ግዚኡ ኣብ መንፈሳዊ ነገር ምግባር ማለት እዩ። እዚ ማለት ከኣ ንምእመኑ ኣብ መንፈሳዊ ነገር ማለት ሓዳር (ስድራቤታት)፡ ኣብ መንፈሳዊ ዕቤት ምእመንኡ፡ ኣብ ስርሖም፡ ኣብ ሂወቶም፡ ኣብ ቤቶም፡ ኣብ ኩሉ ነገሮም ጣልቃ ኣትዩ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ዝህብ ማለት እዩ። ኣብ ኤፌ 4፡11 ከምዝተጻሕፈ ንፈሲወከፍ ኣገልጋሊ ዝተመደበሉ ክፍሊ ኣገልገሎት ኣለዎ።

ኣብ ዝተመደብሉ ቦታ ነቲ ዝተመደቡሉ ዕዮ ዝዓይ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ከም ዝዛረብ እንዳ ሰርሑ መጺኦም ኣብ ቤተክርስትያን ኣብ መወዳእታ ግን ኣብ ምዕርፍ ሽዱሽተ ምስ በጽሑ ንሕና ንቓልን ንጸሎትን ክንተግህ ኢና፡ ኢሎም ኣብ መኣዲ ዘገልግሉ ድያቆናት መንፈስ ዝተመልኡ፡ ህይወቶም እተመስከረሎም ክመርጹ ንርኢ። ስራሕ እንዳበዝሐ ክኸይድ እንከሎ ኩሉ ነናቱ ናይ ስራሕ መደብ ይሕዝ። ስለዚ ናይ ዝተፈላለየ ናይ ኣገልግሎት ጸጋ ዘለዎም ኣብጸግኦም እሙናት ኮይኖም ንገንዘብ ዘይኮነ ንዝተፈላለየ ጥቕሚ ዘይኮነስ ብሓቂ ነዚ ሓቐኛ ጐይታ ሒዞም፡ ንሰባት መፍትሒ ብዝኾነሉ መንገዲ ምርኣይ፡ ከምኡውን ወንጌላዊ መጺኡ ምስባኽ ብትብዓት ነፍሳት ናብ ጐይታ ምምጻእ፡ እቲ ነብይ ውን ናይ ሓቂ ዐይኒ ቤተክርስትያን ኮይኑ ምስራሕ፡ እቲ ሃዋርያ ከኣ እንዳኸደ ቤተክርስትያን ምትካል፡ ጓሳውን ኮፍ ኢሉ ምምጋብ፡ መምህርውን መሰረት ምትሐዝዶ ኣይኮነን፧ እግዚኣብሄር ዝተኸሎ ክነቕሎ ዝኽእል የለን። እግዚኣብሄር ከመይ ገይሩዩ ዝተክል፡ እግዚኣብሄር ኣብ ዝኰነ ቦታ ኣይተኽሎንዩ። በቲ መምህር ጌሩ መሰረታዊ ዝኾነ ነገር ይተኽለሉ፡ ስለዚ እዚኣቶም ሐቢሮም እንተሰሪሑም እዞም ሓሙሽተ ክፍሊ ኣገልገሎት ኢድ ንኢድ እንተተታሐሒዞም ኣቐድምካ ዝሐተትካኒ እታ ናይ ሓቂ ቤተክርስትያን ንረኽባ ከምኡውን ኣብ ቤተክርስትያ ኣገልጋሊ ሐቀኛ ስርሑ ይሰርሕ ኣሎ ይብሃል።

ደቀንስትዮ እንተዘየሌን ምድሪ ናይ ወተሃደራት መዓስከር እያ ትመስል።

***ጻጋ፡- ተራ ደቂኣንስትዮ ኣብ ቤተንን ኣብ ቤተክርስትያንን እንታይን ከመይን ክኮና ኣለወን ትብል ብፍላይ ኣብዚ ዘመን፧***

**ፓስተር ዳዊት**፡- ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ምስቲ ዘመን ሐቢርና ኢና ንኸይድ ዘለና። ብፍላይ ኣብዚ ሰሜን ኣመሪካ መሰል ደቂኣንስትዮ ብዝላዓለ ደረጃ ካብ ህጻናት ቀጺሉ ይኽበረለን እዩ። ስለዚ መንፈሳዊት ሰበይትን እታ ነዚ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዘሎ መሰላ ትጥቀም ሰበይትን ፈልልይ ኣለወን። ከም መንፈሳውያንን መጽሓፍ ቅዱስውን ኣብ ኤፌሶን ኣብ ቆረንጦስ ከምዝእዝዘና ከምኡውን ኣብ ዘፍጥረት ኣብ ኣብርሃምን ሳራን ከምእንርእዮ ብዙሕ ንመህሮ ነገር ኣሎ። ኣብ ቤት ማለት ኣብ ሓዳር፡ ናይ ሰበይቲ ስፈራ ኣሎ፡ ናይ ሰብኣይ ስፍራ ኣሎ። ሐደ ሓደ ጊዜ እንታይ ሽግር ኣሎ መሲሉካ ሰብኣይ ኣብ ናይ ሰበይቲ ቦታ ክርከብ ከሎ፡ ሰበይቲውን ኣብ ናይ ሰብኣይ ቦታ ክትርከብ ከላ እታ ቤት ትፈርስ። ጽቡቕ ፍቕሪ ይሃሉ ቅኑዕ ናይ እግዚኣብሄር ነገር ይሃሉ፡ ንሕና ባዕልና ነባላሽዎ ነገር ብዙሕ እዩ። ሐደ ሐደ ግዜ ሰበይቲ ሰብኣየይ ወላሐደ ኣይብልን እዩ ኢላ ርእሲ ኮይና እንተቀጺላ ቤት ክፈርስ ይጅምር፡ ቦታ ክገላበጥ የብሉን። ሰበይቲ ኣብ ናይ ሰበይቲ ቦታ፡ ሰብኣይ ኣብ ናይ ሰብኣይ ቦታ። ዝኾነ ይኹን ሰብኣይ ዋላ ትሑት ይኹን ሰበይቲዉን ዋላ ሓያል ትኹን ስፍርኡ/ኣ እንተ ሓዲጉ እንተ ሖዲጋ ቤት ይበላሾ፡ ይፈርስ፡ ቆልዑ ኣብ ሐደጋ ይኣትዉ ማለትዩ። ኣብ ቤተክርስትያን ከኣ ንምሳሌ ኣገልግሎት ሰበይቲ የለን ሰብኣይ የለን ባርያ የለን ጭዋ የለን ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኢና ዘሎና ክርስቶስ ንኹላትና ካህናት ጌሩና እዩ ደቂኣንስትዮ ብዝተፈላለየ መዳይ ብሓቅን እምነትን ናይ ጐይታ መንፈስ መሊኤን ዘገልግላ ብጣዕሚ ብዙሓት የሕዋት ኣለዋ። መጀመርታ ናይ ኣገልጋሊ ኣገልግሎት ኣብ ገዝኡ (ሓዳሩ) እዩ፡ ኣብ ሓዳሩ ዘይተፈተነ ኣብ ሰበይቱ ኣብ ደቁ ዘይተፈተነ ወይ ከኣ ኣብ ሰብኣያ ኣብ ደቃ ዘይተፈተነት ሰበይቲውን ኣገልጋሊት ትኹን እምበር ኣገልግሎቶም ትርጉም የብሉን። ኣብ መድረኽ መጺኣ እንተመርሓት እንተጸለየት እንተተነበየት ኣብ ገዝኣ ከይዳ ኣብ ሰብኣያን ደቃን ነገር እንተ ኣባላሸወት ትርጉም የብሉን ማለት እዩ። ስለዚ ተተሐሒዙ ዝኸይድ ነገር እዩ። ኣብ ቤተክርስትያን ንምግልጋል ብዝተፈላለየ ጻጋ ጐይታ ክጥቀመለን ከምዝኽእል ኣዝየ ርግጸኛ እየ። ደቂኣንስትዮ ኣይኮናን ንቤተክርስትያን ንምድሪ ብጣዕሚ ኣድለይቲ እየን። *ደቀንስትዮ እንተዘየሌን ምድሪ ናይ ወተሃደራት መዓስከር እያ ትመስል።* ስለዚ ደቅኣንስትዮ ኣገደስቲ እየን።

ናብ ገጽ 14 ይቕጽል ..........

# ካብዚን

## ካብ ዝተባህለ

ሰብ ከም ብሓድሽ ተወሊዱ ዚብሃል፡ ኣተሓሳስባኡ ብሓድሽ ቃና ወይ ቅኒት ምስ ዚትሓዝ እዩ።

(ብዶክተር ማይልስ ሙንሮ)

ኣብ ከረን እናነበረ ናይ ሽንጭሮ ኣራሓእያ ዘለዎ ሰብ ሓደገኛ እዩ።

(ኢንበር ፎንት)

ህይወት ክርስትና በብዕለቱ ውሳኔ ዘድልዮ ነገር እዩ።

(ብዶክተር ማይልስ ሙንሮ)

ንስኻ ናይቲ በብዕለቱ እትገብሮ ምርጫን ውሳኔን ድምራዊ ውጽኢት ኢኻ።

(ብዶክተር ማይልስ ሙንሮ)

ሓቀኛ ህይወት ማለት ነቲ ኣብ ሓርነት ዘሎ መትከል ምርዳእን ዘኽፍለካ ዋጋ ምፍላጥን እዩ።

(ብዶክተር ማይልስ ሙንሮ)

ሎሚ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ብዛዕባ ሕጂ ዘሎናዮ ኩነታት ንትማሊ ብምዂናን ደው ዘበልና ሰባት ኢና።

(ብዶክተር ማይልስ ሙንሮ)

እግዚኣብሄር ዝለመንኩምዋ ዘይኮነ ብግቡእ ከተመሓድርዎ እትኽእሉ ርስቲ ጥራሕ እዩ ዚህበኩም።

(ብዶክተር ማይልስ ሙንሮ)

ካብ እግዚኣብሄር ክንቅበል እንተ ደሊና ኣቐዲምና ብሽመይ ከነመሓድሮ ከም ዘሎና ክንፈልጥ ይግባእ።

(ብዶክተር ማይልስ ሙንሮ)

እግዚኣብሄር ካብ ተድላኹም ንላዕሊ ኣብ ባህርያትኩም እዩ ዚግደስ።

(ብዶክተር ማይልስ ሙንሮ)

እግዚኣብሄር ካብ ግብጺ የውጽኣካ፡ ኣመልካ (ባህሪኻ) ካብ ምድረበዳ የውጽኣካ።

ብፓስተር ሃብተ ኣዳነ

ፍሬታ

## ትርጉም ኣስማት

| | |
|---|---|
| ኣሳ | ሓኪም |
| ዮሳፋጥ | እግዚኣብሔር ፈራዲ እዩ |
| ዩኣስ | እግዚኣብሔር ሓያል እዩ |
| ዩታም | እግዚኣብሔር ቅኑዕ እዩ |
| ህዝቅያስ | ሓይሊ እግዚኣብሔር |
| ዩሳያስ | እግዚኣብሔር የድሕን |
| ዳዊት | ፍትዊ |
| ሰሎሙን | ሰላማዊ |
| ኣሳፍ | ኣካቢ |
| ኤታን | ሓያል |
| ሄማን | እሙን |
| ኢዮብ | በኻያይ |
| ሄኖክ | ዉፉይ |
| ኖህ | ዕረፍቲ |
| ኣብርሃም | ኣቦ ብዙሓት |
| ይስሓቕ | ስሓቕ |
| ያእቆብ | መታለሊ/ተካኢ/ |
| ዮሴፍ | ወሳኺ |
| ሙሴ | ዝተሳዕለ/ካብ ማይ/ |
| ኣሮን | ኣንጸባራቒ |
| ኢያሱ | እግዚኣብሔር መድሓኒ እዩ |
| ዖትንኤል | ኣንበሳ እግዚኣብሔር |
| ዴቦራ | ንህቢ |
| ጊደዎን | ቆራጽ ኣም |
| ይፍታሄ | ይከፈት/ከፋቲ/ |

ኤፋር

*"ጐዕዞኻ ንርእሱ ስብከት እንተዘይኰይኑ ንኽትሰብኽ ኢልካ ናብ ዝኸድካ እንተኸድካ ጥቕሚ የብሉን።"*

ቅዱስ ፍራንቸስኮስ

*ብዘይ መንፈሳዊ ፍልጠትን ብዘይ መንፈሳዊ ዕጥቅን ኣብ መንፈሳዊ ዉግእ ዕዉት ክትከዉን ኣይከኣልን እዩ።*

*ሰይጣን የለን ኢልካ ምክሓድን ሓጢኣት ምልምማድን ብዘይ ክርስቶስ ምንባርን፡ ባዕሉ ብሰይጣን ምእማን እዩ።*

ብፓስቶር ሰይፉ ከበደ





# ካብትን

## ቀንዴል ናይ ህይወተይ

ገና ብዕሽለይ ዕዉር ተወሊደ
በደል ኣቦይ ድዩ ወይከኣ ናይ ኣደ
ወይስ በዲለየ ዕዉር ተወሊደ
መንኩን ዩ ወፈዩኒ ንናይ ጸልማት ግደ
ሕቶይ ከቢዱኒ መልሲ ሲኢኑ
ፍጹም ጸቢቡኒ ረዳኢ ዘይብሉ
ንእስነት ሓሊፉ ናብ እርጋን ኣቢሉ
እቲ ሕቶይ ግና ኣብኡሎ ከምኡ'ሉ
ኣደይ ያኢ ትሓስብ ከምርዖ
ካብ ኣዋልድ ዓደይ እትመስል ምልዖ
ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ብምንታይ ክሪአ
ሎሚ ኮን ጽባሕ ፈጺመ ነይምርዖ
ወይንና ፈሊጡ ፍጹም ምስ መጸጸ
ዓጽምና ነቒጹ ተስፋ ምስ ተቀብጸ
እቲ ብረሃን ህይወት ካብ ሰማይ ዝመጸ
ኣብ ከተማታት ዓደይ ዝንኡ ዝወጸ
ብርሃን ዩ ኢሎሞ ናይቶም ዝዓወሩ
ዓወት 'ዩ ኢሎሞ ናይቶም ዝተሳዓሩ
ክብረት'ዩ ኢሎሞ ናይቶም ዝሓሰሩ
ሰላም'ዩ ኢሎሞ ናይቶም ተሸበሩ
ብልበይ ሓሲበ ክኪይድ ክረክቦ
ናይ ዉሽጠይ ገሊጸ ኩሉ ክዛረቦ
እሱዉን ፈሊጡ እቲ ዉሽጠይ ዝሓስቦ
ሒዙለይ መጺኡ እቲ ኣቦ ዝሃቦ
ሓጐስ'ዩ መልሲ ናይ ሕቶይ
ብርሃንዩ ቀንዴል ናይ ህይወተይ
ሰላምዩ ምንጪ ናይ ዕረፍተይ
ኣነ ናቱ ፍትዊ ድማ ናተይ
ክግዝኦ እየ ኣብ ዘመን ህይወተይ
ኩሉ ምስ ቀደወ ሓሊፉ ከረምቲ
ከይተርስዕ ጸሎት እንዳነቃሕካ ለይቲ
ከይተጀምር ነፍሰይ ክትበልዕ ክትሰቲ
ኣምልኾ ገዲፋ ምስቶም መሻረውቲ
ልቡ'ጥ ከይከዉን ኣይዉዑይ ኣይዝሑል
መኸታ ኣጽኒዑ ክሕዝ ዘይክእል
ኣብ ደገ ደወ ኢልካ ኳሕ ኳሕ ከይተብል
ኩሕልካ ሃበኒ የዒንተይ ክኻሓል
ብርሃነይ ኢኻ ቀንዴል ናይ ህይወተይ
ሰላመይ ኢኻ ምንጪ ናይ ዕረፍተይ
ኣነ ናትኻ ፍትወይ ድማ ናተይ
ክግዝኣካ'የ ኣብ ዘመን ህይወተይ!!!!

**ብልቕም**

## ንእፍልጦ

**CHRISTmas** Means

**C-** Stands for The Christ Child that was born in Bethlehem.

**H-** Is the Heavenly Father who sent His son for mortal man.

**R-** Means our Redemption plan, this Christ Child's birth did bring.

**I-** Is Intercession for our sins from Christ Our King.

**S-** Says the brightest Star that led the wise men on their way.

**T-** Stands for this Treasured babe God sent to us, that day.

**M-** Proclaims the Meaning that this Christ Child's birth conceived.

**A-** Means His Atonement, with Grace, that saves those who believe.

**S-** Is God's greatest Sacrifice, His son's life, for you and me.

ምንጪ፡- መርበብ ሓበሬታ

## ጸድቕ ሰብ

01. ናብ ህይወት ይምራሕ
02. ከም ቆጽሊ ይልምልም
03. ሱሩ ምንቕ ኣይብልን
04. ፍረ ዘለዎ ይኸውን
05. ልዕል ልዕል ይብል
06. ቤቱ ይቐውም ኣይናወጽን ድማ
07. ካብ መከራ ይመልቕ
08. ካብ ጸበባ ይድሕን
09. ካብ ሞት ይናገፍ
10. ዘርኡ ካብ መቕጸዕቲ የምልጥ
11. ገለ ክፍእ እኳ ኣይረኽቦን
12. ሓሳቡ ቅኑዕ እዩ
13. ንዘረባ ሓሶት ይጸልእ
14. ዘይሃንጽ ቃላት ካብ ልሳኑ ኣየውጽእን
15. ሕሜት ይጸልእ
16. ጽቡቕ ጥራይ ይዛረብን ይምነን
17. ኣብ ልቡ ዝመልእ ይሓስብ
18. ልቡ ድማ ኩሉ ግዜ ዝኸበረን ቅኑዕን ሓቅን ይመልእ
19. ብዛዕባ ሓው ጽቡቕ ይሓስብን ይዛረብን
20. ክሳዕ ዝጸግብ ይምገብ።

ፍሬታ